# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.16 | ዓርቢ 18 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ምትካኽ ሽጋራ ንምቁራጽ. . .



ገጽ 3
ታይላንድ - ካምቦድያ፡ ደባዊ. . .



ገጽ 4
ሰናይ ዓመት - ትምህርቲ



ገጽ 5



ስነ-ጥበብ
ስእልን ቤት
...

ገጽ 7
ምልክታ


# መደባት ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብወግዒ ጀሚሩ

መደባት ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ 17 መስከረም ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብስእላውን ንዋታውን ምርኢት ተጀሚሩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኽቡሉ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ነቲ ቅብኣታት፡ ካርቱናት፡ ስእልታትን ንዋትን ዘጠቓልል ምርኢት መሪቑ ከፊትዎ።

እቲ ምርኢት፡ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር ዝተዳለወ፡ ንዝተፈላለዩ ህይወት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝገልጽ 260 ስእልታት፣ ኣብ ሃገራዊ ቤት-መዘክር ተዓቂቡ ዘጸንሐ ብተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝተሳእለ 25 ቅብኣታት፣ 25 ካርቱናት፣ 9 ሓደስቲ ቅብኣታት፣ ከምኡ'ውን ሰታትስቲካዊ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዘርኢ 7 ሰንጠረዣት፣ 2 ካርታታትን ዝተፈላለየ ንዋትን የጠቓልል።

ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ስነዳን ዜናን መደባት ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣቶ ተምጻሳ ኣስመላሽ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እዚ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ክሳብ 25 መስከረም ንህዝቢ ክፉት ከምዝኸውን ሓቢሩ።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝካየድ ዘሎ ጽንብል ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ መዚቓዊ ኮንሰርት፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ከምኡ'ውን ሰሚናራትን ሲምፖዝዩምን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ክሳብ 20 መስከረም ክቕጽል'ዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብ16 መስከረም ኣብ ሓውሲ ከተማ ኣስኩዳ - ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ብልዑል ድምቀት ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ዝኸፈቶ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ተማሂሮም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝርከቡ ኣብነታውያን መንእሰያት፡ ብምኽንያት'ቲ ጽንብል ንዝተተኽለ ሽግ ወሊዖም።

ወኪል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ ኢብራሂም ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር፡ ካብ ግፍዕታት ጸላኢ ኣምሊጦም ንዝመጹ ዜጋታት፡ ክንዮ ኣካዳሚያዊ ፍልጠት፡ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን፡ ከምኡ'ውን ኤርትራዊ ክብርታት ኣብ ምስግጋርን ምስራጽን ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዝገበረት ገሊጹ።

ሓላፊ ትካላት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ መምህር ኢብራሂም እኩድ ብወገኑ፡ ካብ 1981 ኣብ ጃኒ፡ እምበልዳይ፡ እምበረትን ኣስማጥን ዝተኸፍታ ኣርባዕተ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰውራ፡ ብ38 ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም 273 ተመሃሮ ኣገልግሎት ከምዝጀመራ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ እዋን ቁጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ናብ 57 ክብርኽ ከሎ፡ መጠን ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ድማ ካብ ኣስታት 10 ሽሕ ተመሃሮ 41.5 ሚእታዊት በጺሑ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ ድማ፡ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንትምህርትን ንቕሓትን ከምዘቐደሞ ህያው ኣብነት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብኮርኒቫል ከርቲ፡ ከምኡ'ውን ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ፊተውራርን ካልኦት ስነ-ጥበባውያንን ብዘቕርብዎ፡ ነቲ ኣጋጣሚ ዘንጸባርቕ መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ።

ብደረጃ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ እውን ትማሊ 17 መስከረም ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተገብረ መኽፈቲ፡ ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ ኣቶ ተወልደ ቀላቲን ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ብስእላዊ ምርኢት ጀሚሩ።

እቲ ክሳብ 20 መስከረም ዝቕጽል ጽንብል፡ መዚቓዊ ኮንሰርት፡ ከምኡ'ውን ስፖርታዊ ውድድራትን ሰሚናራትን ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ኣብ ናቕፋ፡ ኣፍዓበትን ጊንዳዕን ብተመሳሳሊ ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዝሎ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሮም።

ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዓሰብ ኣብ ዝፈለመ ጽንብል፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይን ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶምን ብዘኸፈትዎ ስእላዊ ምርኢት'ዩ ፈሊሙ።

እቲ ቀረብ ዘሎ ስእልታት፡ ካብ ምስረታ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ጀሚሩ ንመኻብብሮን ካልእ ንጥፈታትን ተመሃሮ፡ መማህራንን ኣለይትን፣ ከምኡ'ውን ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት መሃይምነት ንምጥፋእ ዝገበርዎ ዘመተን ዘንጸባርቕ'ዩ።

ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቕጽል መደባት ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ሰሚናራት፡ መዚቓዊ ኮንሰርት፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ዕላል ተመክሮን ካልእ መደባትን የጠቓልል።



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር





ስእሊ-ኤፍረም ተስፋብርሃን



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምትካኽ ሽጋራ ንምቁራጽ ዝውሰዱ ስጉምትታት



ምትካኽ ሽጋራ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ። እዚ እናፈለጥካ ብደረጃ ዓለም ቁጽሪ ኣትከኽቲ ሽጋራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ። ሽጋራ፡ ወልፊ ዘትሕዝ ጎዳኢ ቀመማት ስለ ዘለዎ፡ ብዙሓት ሰባት ሓንሳብ ምስ ለመድዎ ከቋርጽዎ ከቢድ እዩ ዝኾኖም። ስለምንታይ፧ እዚ ብቐንዱ፡ ኣብቲ ነቲ ሕማቕ ልምዲ ንምቁራጽ ዘርእዩዎ ቅሩብነት ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ንምርዳኡ ኣብ ዘውጽእዎ መደባት ዝርአ ድኽመት'ውን ብቐዳምነት ዝጥቀስ እዩ።

ንኣብነት፡ ሽጋራ ምትካኽ ከቋርጽ ዝወሰነ ሰብ፡ ሽጋራ ኣብ ምትካኽ የሕልፎ ንዝነበረ ግዜ፡ ካልእ ንጥፈታት ብምክያድ ከሕልፎ እንተዘይኪኢሉ፡ ብዕቱብ ምስ ዝሰርሓሉ ጥራሕ እዩ ዕላምኡ ብቐሊል ክወቅዮ ዝኽእል።

ሓያላ ትካላት ጥዕና ዘካይድኦ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ፡ ከም ምትካኽ ሽጋራ ዝኣመሰሉ ንጥዕና ጎዳኢ ዝኾኑ ልምድታት ንምእላይ ዝሕግዝ ወጽኢታዊ ዝኾነ ስትራተጂ፡ ነቶም ሕማቕ ልምድታት ንምትግባር ተሕልፎም ደቓይቕ ብኻልኦት ጥዕና ዝሀቡ ልምድታት ክትትክኦም ምኽኣል እዩ። እዚ ኣዛራርባዚ ካብ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝቐለለ ዝመስልኳ እንተኾነ፡ ሕማቕ ልምድታት ንምቁራጽ'ውን ከምቲ ንሓስቦ ከቢድ ከም ዘይኮነ ክስተብሃል ይግባእ።

### ሽጋራ ምትካኽ ንምቁራጽ …

ሕማም ልቢ፡ ሽኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ መንሽሮ፡ ኣዝዮም ወዘተ ብሰንኪ ካብ ንቡር መጠን ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ክዕቃታት፡ ሆርሞናት፡ ማዕድናት፡ ቀመማት ከምኡ'ውን ብምንዋሕ ዕድመን ካልኦት ለውጥታትን ኣብ ኣካላት ዝኽሰቱ ሕማማት እዮም። ኣዚም ሕማማት ዘቃልዑ ነገራት ብዙሓት እዮም። ሓደ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ናይዞም ሕማማት፡ ምትካኽ ሽጋራ እዩ። ውድብ ጥዕና ዓለም ዘውጽኦ ጸብጻብ ከም ዘረጋገጾ ዓመታዊ ልዕሊ 6 ሚልዮን ዝኾኑ ሰባት ብሰንኪ ሽጋራ ህይወቶም ይስእኑ። ካብዚ ኣሃዝዚ፡ እቶም 5 ሚልዮን ብቐጥታ ኣትከኽቲ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ልኡማት ኣትከኽቲ እዮም። ኣብ ዓለም ብሰንኪ ሽጋራ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ካልኢት ሓደ ሰብ ህይወቱ ከም ዝስእን ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። እዚ ማለት፡ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታትን ሕማማትን ናይ ዝርአ ብዝሒ ሞት እቲ 10 ሚእታዊት ብሰንኪ ምትካኽ ሽጋራ ይስዕብ፡ ክንደይ ሽጋራ ተህልኽ ብዘየገድስ ምትካኽ ንጥዕናኻ ኣዝዩ ጎዳኢ እዩ።

ሽጋራ ይኹን ካልእ ልምድታት ንምቁራጽ ዝሕግዙ ወጽኢታውያን ዝኾኑ ስትራተጂታት ሓደ ምኽኢ ከቢ ምምራጽ እዩ።

### ኣብ ከባቢኻ ምቕያር ምግባር

ፕሮፌሰር ወንዲ ወድ ኣብ ዩኒቨርሲቲ 'ዱክ' - ኣመሪካ እትርከብ ክኢላ ስነኣእምሮ ኢያ። ንሳ ሽጋራ ምትካኽ ንምቁራጽ ዝሕግዙ ኣገባባት ኣመልኪታ መጽናዕቲ ኣካይዳ ነይራ። ኣከባቢያዊ ጽልዋ ሓደ ካብቲ ስምዒታትና ንምቁጽጻር ዝሕግዘ ረቛሒ ምዃኑ ትገልጽ።

ፕሮፌሰር ወድ ዘቐደቶ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ፡ ሰባት ዘካይድዎ ሕማቕ ልምድታት፡ ምስ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ምትእስሳር ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ ካብቲ ከባቢ ክርሕቁ ወይ ከባቢኦም ክቕይሩ ኣለዎም። ነቲ ሕማቕ ልምዲ ንምትግባር ዋላ ኣይደለይዎ፡ በቲ ከባቢ ብዝሓለፉ እዋን ነቲ ልምዲ ንምትግባር ቃሕታሕ ክበሎም ይኽእል እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ 'ፋስት ፉድ' ሻሂ ምስታይ ዘዘውተረ ሰብ፡ ነዊሕ ተጓዒዙ ናብታ ትካል ከይዱ ሻሂ ክሰቲ እዩ ዝደሊ። ሽጋራ ዘትክኽ ሰብ ድማ፡ ነቲ ኣወሃሃፈ ቀመም ብኻልእ ተኪኡ ከቋርጽ ምስ ዝምድብ፡ ካብቲ ሽጋራ ዘትክኸሉ ከባቢ ክርሕቕ ጥራይ እዩ ዘለዎ።

ዝተወሰኑ ቦታታት ምስ ባህርና ኣዝዩ ሓያል ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘለዎም እያ ፕሮፌሰር ወድ ትገልጽ። ስለዚ፡ ሽጋራ ክቋርጽ ኣብ እንሓስበሉ እዋን፡ ሽጋራ ኣብ ምትካኽ እተዘውትሮም ቦታታት ክነስተብህለሎም ይግባእ። ናብቶም ቦታታት ክትከይድ የብልካን። ኣብ ክንድኦም ናብ 'ጂም' ወይ ካልእ ምውስዋስ ኣካላት ዝቐየደሎም ቦታታት ክትከይድ ይምረጽ።

### ካልእ ዕግበት ምንዳይ

ቻርለድ ዱግ ኣብታ 'ናይ ልምዲ ሓይሊ' (The Power of Habit) ትብል መጽሓፉ፡ ልምዲ ሰለስተ ረቛሒታት ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ።

- ነቲ ልምዲ ምስ ዘጋድዱ ነገር ምትእስሳር፡
- ነቲ ልምዲ ደጋጊምካ ተካይደሉ ስጉምትታት ምውሳድ፡
- ነቲ ልምዲ ደጋጊምካ ብምክያድካ ዝፈጥረልካ ዕግበት፡

ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምድታትካ ንምቕያር፡ ሽጋራ ክተትክኽ ንዘደርኸካ ባህሪ ተረዲእካ ክትቅይሮ እዩ ዘገድስ። ብዙሕ ግዜ ኣብይን መዓስን ሽጋራ ከም እተትክኽ ሕሰብ። ብዙሓት ሰባት ማሕበራዊ ግዜኦም ምስ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ግዜኦም ዘተሓሓፍጽዎ ኣለዉ። ንሰኻ'ውን ካብኦም እንተኾንካ፡ ምስ ሰባት ክትመሓበርን ክትዘናጋዕን ዝገብኦካ ሓዲሽ መንገዲ ክተናዲ ይግባእ።

ንኣብነት፡ ሽጋራ ምትካኽ ምስ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ተተኣሳሲሩ ኣሎ'ኻ ንበል። ስለዚ፡ ኩሉ መዓልቲ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታት ኑብሰኻ ሽጋራ ምስ ዘትክኹ ጉጅለ ክትጸምብሩ ኢኻ። እዚ ነቲ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ድሌታትካ መሊሱ ስለ ዘጋድዶ፡ እናዕለልካ ከይተረድኣካ ብዙሕ ሽጋራ ክተትክኽ ኢኻ። ምስቶም ጉጅለ ኣትከኽቲ ዝጸንሓካ ማሕበራዊ ግዜ ብዙሕ ዕላላት ክፈጥረልካ ስለ ዝኽእል ድማ ዕግበት ይስምዓካ። እቲ ዕግበት ግና ጥዕና ዘይብሉ ግዜያዊ ዕግበት እዩ።

ሽጋራ ክተቋርጽ ኣብ እትወስነሉ እዋን፡ ነቲ ምትእስሳር፡ ምድግጋምን ዕግበትን ዝበሉ ስምዒታትካ ብኻልኦት ሓደስቲ ግን ከኣ ኣወንታዊ ዝኾነ ጥዕና ዝሀቡ ነገራት ክትትክኦም እዩ ዝግባእ።

ንኣብነት፡ ሽጋራ ዘየትክኹ ብጾትካ፡ ምትካኽ ከተቋርጽ ኣብ ዝወሰድካዮ ስጉምትታት ዝግባእ ሓገዝን ደገፍን ክዝብዑልካ ተወከሶም። እቲ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ምስኦም ከተሕልፎ ከም ዘለካ ወስን። ብዘይ ሽጋራ ምስኦም ብምዕላል ተሕልፎ ማሕበራዊ ግዜኻ ብዙሕ ቁም-ነገር ክትረኽበሉ ከም እትኽእል ርዱእ ነገር እዩ።

### ሓዲሽ ልምዲ ምምዕባልን ኣብኡ ምብጻሕውን

ሽጋራ ንምቁራጽ ኪኸኦ'ቲ ትገብሮ ሓዲሽ ለውጥታት - ኣብ ኣከባብን ልምድን ማለት እዩ - ካብቲ ኣወሃሃፈ ቀመም ናይ ሽጋራ - ኒኮቲን ብምርሓቕካ ኣብ ሰብነትካ ንዝርአ ምልክታት ክትገጥሞ ድሌው ምዃን'ውን እቲ ካልእ ጻዕሪ ዝሓትት ኣገባብ እዩ። ኣብዚ ክስተብሃሉ ዝግባኦ፡ እቶም ዝርአዩ ምልክታት ንሓጺር እዋን ዝጸንሑ እዮም።

እቶም ተተኣታትምም ጥዕና ዝሀቡ ሓደሽቲ ልምድታት፡ ሽጋራ ንምቁራጽ ኣብ ዝወሰድካዮ ስጉምቲ ዝዩዳ ክትጽንዕ ሓይሊ ዝሀቡ ኮይኖም ክትረኽቦም ኢኻ። ነቲ ኣብ ሓንጎልካ ሰሪጹ ዝጸንሐ ኣወሃሃፈ ኒኮቲን ንምትኻእ ዝሕግዝ ፍወሳ ወይ ኣገባብ ስለ ዘሎ'ውን ምስ ክኢላታት ሕክምና ክትመያየጥ ትኽእል ኢኻ። ማእቢካ ምሕያኽ፡ ሽጋራ ኣብ ዘይትከኸ ከባቢ ኳንካ ሻሂ ምስታይ ወዘተ ገለ ካብቲ ክንወስዶም ዝግበኦና ኣገባብ ፍወሳ እዮም።

ሽጋራ ምትካኽ ክተቋርጽ ብምኽኣልካ ክትረኽቦ እትኽእል ዕግበት ሻቡ ዝርአ ብምዃኑ ኣብ ጥዕናኻን ማሕበራኻን መዳይ ብዙሕ ለውጥታት እዩ ዝምጽእ።

- ኣብ ክንዲ ትኪ፡ ንጹህ ኣየር ክተስተንፍስ ትጅምር፡
- ምስ ደቅኻን ኣዕሩኽትኻን ተሕልፎ ዝዩዳ ግዜ ክትረኽብ ትኽእል፡

### ኣእዳውካ ብዕዮ ምጽማድ

ኣእዳውካ ብዕዮ ይኹን ብኻልእ ዝተፈላለዩ ነገራት ከም ዝጽመዱ ምግባር፡ ሽጋራ ክትሕዝ ዕድል ስለ ዘይትረኽብ፡ ካብ ምትካኽ ክትቀንጠብ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ናይ መዚቃ መሳርሒታት ምጥቃም፡ ኣእዳውካ ካብ ሽጋራ ወጻኢ ብኻልእ ልምዲ ከም ዝጽመዳ ዝገብር ዝበለጸ ኣገባብ እዩ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ መዚቃ ንመትንታትና፡ ኣእምሮናን መንፈስናን ናይ ምፍዋስ ሓይሊ ኣለዎ። ስለዚ፡ ሽጋራ ንምቁራጽ ዝጸንሓና ሻቕሎት ኣብ ምጉዳል ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ- መዚቃ።

### ፍርያት ትምባኾ ኣብ ጥዕና ካብ ዘውርዶ ጉድኣት

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ካብ ፍርያት ትምባኾ ዝርከብ ዝኾነ ጥዕናዊ ጥቕሚ የለን። ብሰንኪ ሽጋራ ኣብዚ ተጠቒሶም ዘይውድኡ ጥዕናዊ ሽግራት ከምዘለዉን ንፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ኣካላት ከኣ ከምዝዘሰን ምፍላጥ የድሊ። ገለ ካብኦም ንሊሓም ዝረኣዩ ከኣ–

-ዝተፈላለዩ ሕማማት መንሽሮ፡ ሽኮር፡ ሕማማት ስርዓተ ዘረት ደም (ወቕዒ ሓንጎል፡ ልብን ሰራውር ደምን)፡ ሕማማት ስርዓተ እስትንፋስ (ሕማማት ኣዝዮ፡ ዕጉት ምስትንፋስ፡ ኒሞኒያን ካልኦት ረኽሲታት ኣብ ሰናቡእን ሻንበቆታት ኣየርን) ኣዝዮም ብዙሓት ካልኦት ናይ ጥዕና ጸገማት የስዕብ። ሕማማት ናይ ምክልኻል ወይ ምጽዋር ዓቕሚ ከኣ የጉድል።

- ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዋሕዲ ዘርእን ካልእን።

- ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ምንጻል ጥንሲ፣ ዘይንቡር ጥንሲ ኣብ ሻንበቆ ማህጸን፣ መዓልቱ ዘይኣኸለ፡ ትሑት ክብደት ዘለዎ ምወት ናጽላ ምግልጋል፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮውን ጎደሎ ህጻን ምዕባይ፡ ጨዳድ ከንፈር ዘለዎ ህጻን ምውላድ፡ ሃንደበታዊ ሞት ህጻን ድሕሪ ምውላድ … ወዘተ የኸትል።

### ማሕበራቑጠባዊ ጽልዋታት ፍርያት ትምባኾ

ምጥቃም ትምባኾ ብዘይካ'ቲ ኣብ ጥዕና ሓደ ኣትካኺ ዘውርዶ ሰፊ ዘይብል ጉድኣት፡ ኣብ ስድራቤቱ፡ ማሕበራዊ ህይወቱ፡ ከባቢኡን ሃገርን ከቢድ ክሳራታት የኸትል። ገለ ካብ ጽልዋኡ ከኣ–

- ወጻኢታት ብምብዝሕ ኣብ ሓዳር ጠንቂ ባእስን ፍትሕን ይኸውን። ኣትካኺ ስለ ዝሓምም ኣታዊታት ናይ ስድራ ይንኪ። ናይ ሕክምና ወጻኢታት ይውሰኽ፡ ካሪ ሰንከልና የስዕብ፡ ሞት የኸትል ስድራ ከኣ ናባዪ ትስእን። ዘይግዱሳት ኣትከኽቲ ብዘደርብይዎ ቁልዒ ባርዕ ይለዓል። ንህጻናት ኣሉታዊ ጽልዋ/ ኣርኣያ ይኸውን። ዚ ክሳራታት ብቐሊሉ ንምርዳእ ኣብ ዓለም፡ ዓመታዊ ልዕሊ 200 ቢልዮን ዶላር ንመግዘኢ ትምባኾ ይሃልኽ።

### ምቁራጽ ወልፊ ፍርያት ትምባኾ

ትምባኾ ምጥቃም ዘቋርጹ ሰባት ክሳብ 24 ሰሙናት ኣካላውን ስነ-ኣእምሮውን ጸገማት ከም ሕማማት ርእሲ፡ ሰዓል፡ ምርባጽ፡ ብዙሕ ምብላዕ፡ ኣደሃሀብ ምጉዳል፡ ድቃስ ምስኣን ብዝኣመሰሉ ስምዒታት ክሳቐዩ ይኽእሉ። ብድሕሪዚ ዘሎ እዋናት ግን ኣዝዮም ይመሓየሹ። ስለዚ ምቁራጽ ትምባኾ ካብዞም ኩሎም ዝተጠቕሱ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ናጻ ብምዃን እወታዊ ሂወት ንምምራሕ ይሕግዝ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ታይላንድ - ካምቦድያ፡ ደባዊ ምስሕሓበን ነባሪ ፍታሕ ይረክብ ዶ ይኸውን፧

ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ ዝርከባ ጎረባብቲ ሃገራት ዝኾና ታይላንድን ካምቦድያን፡ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ዝኣክል እየን ክተፋነና ጸኒሐን። እዘን ክልተ ሃገራት፡ ብሰንኪ ዘይተሓንጸጸ - ኣስታት 815 ኪ.ሜ. ንውሓት ዘለዎ ዶብ እየን ንሒያሎ ዓመታት ሓሓሊፈን ክጐራፈጣ ጸኒሐን። ነዚ ዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸረ ረጽምን ምትፍናናትን ከም ዘኸትም ንምግባር ድማ፡ ሓያሎ መራሕቲ ዓለም እጃሞም ከበርክቱ ጸኒሖም እዮም። ይኹን'ምበር፡ ታይላንድን ካምቦድያን ኣብ ጉዳይ ብዙተ ንምፍታሕ ተባዕ ስጉምትታት ክወስዳ ኣይተራእያን። እኳ ደኣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከም እንደገና ናብ ደማዊ ረጽሚ ክኣትዋ እየን ተራእየን።



ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ካምቦድያን ታይላንድን፡ ደባዊ ምስሕሓብ ክልቲአን ሃገራት ብዙተ ንምፍታሕ ድሉውነት ናይ ክልተአን ሃገራት ከረጋግጹ እዮም ተሰሚዖም። እዞም ክልተ ሰበ ስልጣን፡ ኣብቲ ንዕርቂ ክልቲአን ሃገራት ዝተዳለወ ቀዳማይ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብኣህጉራዊ ሕጊ ሕቡራት ሃገራት ተቐይደን፡ ፍልልያተን ኣጸቢበን ክሰማምዓ ከም ዝኽእላ እዮም ኣሚቶም ዘለዉ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ቀጥታዊ ርክብ ከካይዱ ትጽቢት ከም ዘሎ ይሕበር።

ግጭት ካምቦድያን ታይላንድን፡ ኣብ 1900ታት እዩ ዝጀመረ። ኣብ 1907፡ ፈረንሳ ንካምቦድያ ኣብ ትገዝኣሉ ዝነበረት እዋን ዝሓንጸጸቶ ካርታ፡ ነዘን ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት ንልዕሊ 120 ዓመታት ክጐራፈጣ ቀሲቡወን እዩ። ኣብቲ እዋን፡ ፈረንሳ ኣብ ዶብ ክልቲአን ሃገራት ንዝርከብ ኣስታት 817 ኪ.ሜ ዝሰፍሓቱ መሬት ብግቡእ ብዘይምሕንጻጹ፡ እቲ ቦታ ንነዊሕ ዓመታት ኣከራኻሪ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ቀጺሉ፡ ኣብ 1950ታት ካምቦድያ ካብ መግዛእቲ ፈረንሳ ናጻ ምስ ወጸት ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ጎረባብቲ ሃገራት ቀጥታዊ ዝኾነ ክርክር ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽል ተራእዩ። ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ኣብቲ ናይ ሓባር ዶባተን ዝርከብ 'ቤት-መቕደስ ፕርያ ቪያር'፡ እቲ ቀንዲ ኣከራኻሪ እዩ ነይሩ። ቤት-መቕደስ ፕርያ ቪያር፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ኣብ 1962 ንካምቦድያ ተዋሂቡ። ድሒሩ፡ ካምቦድያ ኣብ ውግእ ሓድሕድ ተጸሚዳ ብምንባራ፡ እቲ ኣብ መንጎአን ዝነበረ ግጭት፡ ዋላ ሕጋዊ መዕለቢ ኣይገበረሉ፡ ንግዚኡ ግን ክዓርፍ እዩ ተራእዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ 2008፡ ድሕሪ ዓሰርተታት ዓመታት ሓደ ኩነት ተፈጥረ። ንሱ ድማ፡ ቤት-መቕደስ ፕርያ ቪያር ኣብ መዝገብ ዓለማዊ ውርሻ ዩኔስኮ ሰፈረ። ታይላንዳውያን ድማ ብቐጽበት ክለዓሉ ተራእዩ። ሓያሎ ታይላንዳውያን፡ ንመንግስቶም ጸቕጢ ክገብሩ ጀመሩ። ቤት-መቕደስ ፕርያ ቪያር ወነንቱ ታይላንዳውያን እዮም ብምባል ድማ፡ ንኣህጉራዊ ሕጊ፡ ኑቲ ኣብ 1962 ዝሃቦ ውሳነ ዳግመ ግምት ክገብረሉ ጻውዒት ኣቕረቡ። የግዳስ፡ ክልቲአን ሃገራት ካብ ደማዊ ኩናት ምውላዕ ክቑጠባ ኣይከኣላን። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት፡ ሓሓሊፈን ኣብ ብርኽት ዝበለ ኣብ ዶባተን ኣብ ዝርከቡ ጥንታውያን ስፍራታት ግጭት ከካይዳ ጸኒሐን እየን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ድማ ብፍልይ ዝበለ፡ ኣብ ከቢድ ደማዊ ኩናት ተጸምዳ። ካምቦድያን ታይላንድን፡ በቲ ዝውላዕ ግጭት ነሓድሕደን ምስ ተወቓቐሳ እየን። እዚ ማለት፡ መንግስቲ ካምቦድያ፡ እቲ ኣብ 2025 ዝተወልዐ ግጭት፡ ጀማሪቱ ታይላንድ ምኳና ክኸስስ እንከሎ፡ ታይላንድ ድማ፡ ተኸሲ ፈለማ ብወገን ካምቦድያ ከም እተኸፍተ እያ ትወቅስ። በዚ ድማ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ካብ ዘጋጠማ ወተሃደራዊ ረጽምታት፡ እቲ ዝሓየለ ምንባሩ ዝተገልጸ ኣብታ ዓመት እቲኣ ኣብ መንጎአን ተኸሲቱ። ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ክልቲአን ሃገራት ኣምባሳደራተን ካብ ሓድሕደን ክስሕባ እንከለዋ፡ ዶባተን ድማ ዓጸዋኦ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዶባተን ንዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ናይ ንግዲ ትካላትን ሆስፒታላትን እውን ዓጸዋኦ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ኣብቲ ዶብ ዝርከቡ ልዕሊ ርብዒ ሚልዮን ህዝቢ ካብ ቤት ንብረቶም ክመዛበሉ ተገዲዶም። ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ካምቦድያ ካብ ታይላንድ ከእትዎ ዝጸንሐ ፍረታትን ኣሕምልትን ጠጠው ኪብሎ እንከሎ፡ ኣብ ሃገሩ'ውን ዝኾነ ናይ ታይላንድ ፊልም ከይርኣ ከልኪሉን፡ ንመስመር ኢንተርነት ካምቦድያ-ታይላንድ እውን ደው ኣቢሉን እዩ።

ኑቲ ጠንቂ ሞትን ምዝንባልን ኣሽሓት ሰባት ዝኾነ ግጭት ደው ንምባል፡ ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣብ ኳላ-ላምፑር - ርእሰ ከተማ ማሌዥያ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ተኸቲሙ። በዚ ናይ ሽዑ ስምምዕ እየን ድማ ክልቲአን ሃገራት ኣብዚ ሕጂ እዋን መዛተዩ ነጥብታት ኩዳሉዋን፡ ዘተ ሰላም ክጅምራን ምኽንያት ዝኸነ ዘሎ።

እዚ ሕጂ ታይላንድን ካምቦድያን ክዘራረባሉ ዝዳለዋሉ ዘለዋ፡ እቲ ብወሽመጥ ታይላንድ ዝፍለጥ ንክልቲአን ሃገራት ዝፈላሊ ማያዊ ክፋል እዩ። በቲ ኣስታት 26 ሽሕ ትርብዒት ኪ.ሜ ዝሸፍን ወሽመጥ፡ ካምቦድያን ታይላንድን ኣይሰማምዓን እየን። ኣብቲ ንሓድሕደን ዘራኽብ ማያዊ ክፋል ንዝርከብ ዕቑር ጸጋታት፡ ኣብ 2001 ብሓባር ንክምዝምዝኦ እኳ ስምምዕ ክቲመን እንተ ነበራ፡ ታይላንድ ግን ኑቲ ስምምዕ ክትዝርዞ እያ ተራእያ። በዚ ከኣ፡ እዘን ጎረባብቲ ሃገራት፡ በቲ ኣስታት 340 ቢልዮን ሜትሮ ኩብ ዕቑር ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ነዳድን ከም ዘለዎ ዝግመት ክባቢ ክከራኸራ ጸኒሐን። ሕጂ'ውን ኣብ መንጎአን ዘሎ ዘይምርድዳእ ዛጊት ዝኾነ መፍትሒ ኣይተረኽቦን ዘሎ። ቅድሚ ገለ እዋናት፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ መራሕቲ ክልተአን ሃገራት ፍልልያቶም ኣጸቢቦም፡ ኣብ መንጎ ሃገራቶም ንዝተኸሰተ ግጭት ብዙተ ንምፍታሕ ክዘራረቡ ጻውዒት ኣቕሪቡ ምንባሩ ዝዝከር እዩ። ትራምፕ ኣብ ጻውዒቱ፡ እቶም መራሕቲ ነዚ ምስ ዘይገብሩ ግን፡ ኣመሪካ ምስ ታይላንድ ይኹን ካምቦድያ፡ ዝኾነ ንግዳዊ ስምምዕ ከም ዘይትኽትም እዩ ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣጠንቂቑ ነይሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰኑ፡ ካምቦድያ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኑቲ ኣብ መንጎኣን ታይላንድን ዝተወልዐ ግጭት መዕለቢ ክገብረሉ እኳ ጻውዒት ኣቕሪባ እንተ ነበረት፡ ታይላንድ ግን፡ ኑቲ ጉዳይ ንምፍታሕ ዝርርብ ከካይዳ እያ ጸዊዓ ነይራ።

ብመሰረት ጸብጻብ፡ ታይላንድ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣስታት 360 ሽሕ ወተሃደራት ዝሓዘ ዕቑር ሰራዊት ክህሉዋ እንከሎ፡ ካምቦድያ ድማ ኣብ ተጠንቀቕ ዝርከቡ ልዕሊ 124 ሽሕ ንጡፋት ወተሃደራት ኣለዉዋ - ብመሰረት ጸብጻብ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ታይላንድ ኣብ ምክልኻል ዝውዕል ኣስታት 5.5 ቢልዮን ዶላር ከም ዝሰልዐት፡ ካምቦድያ ድማ ኣብታ ዓመት እቲኣ ልዕሊ 1.3 ቢልዮን ዶላር ከም ዝበጀተት፡ ጸብጻብት የረድኡ። ኣመሪካን ቻይናን ብሰንኪ'ቲ ዛጊት ዘይዓረፈ ዘሎ ግጭት ናይዘን ክልተ ሃገራት፡ ኣብቲ ወጥርን ግጭትን ዘይበትከሉ ናይ ሓባር ዶብ ንዝንቀሳቐሱ ዜጋታተን ጥንቃቐ ክገብሩ ብተደጋጋሚ ክጽውዓ ምጽንሐን ይግለጽ።




- - - - - - -

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኮንሰርት ካብ ባሕቲ መስከረም ብቐጥታ ዝመሓላለፍ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

# ርእይቶ

## ሰናይ ዓመተ - ትምህርቲ

ኣሕመድ ሱሌማን

ዘለናዮ ቅኑ መበል 50 ዓመት ዝኸሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንኽብረሉ፣ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዝጸንሑ ተማሃሮን መማህራንን ዳግም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሊሶም፡ ሓድሽ ዓመት-ትምህርቲ ዝጅመሩሉ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንተማሃሮን መማህራንን ሰናይ ዓመተ ትምህርቲ እናተመነና ብዛዕባ ትምህርቲ ገለ ሓሳባት ወስ ክንብል።

ናይ ዘመንና ቆልዑን መንእሰያትን ዘለዎም ጸጋን ዕድላትን ንምግላጽ ንድሕሪት ተመሊስካ ጥንታዊ ታሪኽ ምውካስ ግርም መጻጸሪ እዩ። ኣብ ታሪኽ ከም እንንብቦ፣ እቲ ቀደም ዘመን ኣደባቱ ቀደም እውን ዘይኮነ ክሳብ'ዚ ቀረባ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣብ ብዙሓት ክፍልታት ዓለም፡ ትምህርቲ ኣባላት ልኡላውያን ስድራቤት፡ ደቂ መሳፍንትን ሹማምንትን ጥራይ ዝረኽብዎ ዕድል'ዩ ነይሩ። ከመይ ዝፍቀደሎም፡ ንሽመትን ሃይማኖታዊ ኣገልግሎትን እተሓጽዩ ኣዘዮም ውሑዳት ሰባት ጥራይ እዮም ዝነበሩ። እቲ ሓፋሽ ህዝቢ ትምህርቲ ዝምልከቶ እውን ይመስሎ ኣይነበረን። ደቀንስትዮ እሞ ከኣ ዕድል ትምህርቲ ክሓልምኦ እውን ኣይክእላን ዝነበራ። በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ንፍሉያትን ሕሩያትን ሰባት ጥራይ ዝምልከት ትምህርቲ ከም ኣዝዩ ቅዱሱን ክቡርን ነገር ደርአ ነበረ። እቲ ዝጠዘሐ ሰብ መሃይም ስለዝነበረ ድማ ካልእሲ ይትረፍ ምንባብን ምጽሓፍን ምኽኣል ጥራይ ከም ዓቢ ሊቕነት ይቖጸር ነበረ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ትምህርቲ ንኹሉ ወዲ ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ፡ ዓሌት፡ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ቦታ ኣዝዩ ኣገዳሲን ወሳኒን ምኳኑ ተኣሚኑሉ፡ ምስ'ቲ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝሰርዓሉ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ኩሉ ሰብ ዕድል ትምህርቲ ዝረኽበሉ ባይታ ንምፍጣር ከኣ ሃገራት ንምዕባለ ትምህርቲ ገዚፍ ወፍሪ ከፍስሳን ልዑል ጻዕሪ ክገብራን ይርኣያ። ብመዝጸር ሕሉፍ ታሪኽ ክርአ እንከሎ እምበኣር፡ ናይዚ ዘመን'ዚ ቆልዑን መንእሰያትን ረኺቦሞ ዘለዉ ጸጋ፡ እቲ ኽዑማናት ሰባት ዝበህጉዎምን ዝምጽዎምን ግናኸ ኣዝዮም ውሑዳት ዕድለኛታት ጥራይ ዝረኽብዎ ዝነበሩ ዓቢይ ጸጋ እዩ ረኺቦም ዘለዉ። የግዳስ "ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ" ከምዝበሃል ነዚ ዓቢይ ዕድልን ጸጋን ዘስተንትኖን ዘስተውዕሎን ውሑድ እዩ።

ብዛዕባ ትምህርቲ ክንዛረብ እንከለና ብዛዕባ ምዕዛዝ ፍልጠት፡ ሞያ፡ ብልሓት፡ ጥበብ፡ ዓቕሚ፡ ተኽእሎታት፡ ዕድላትን ኣድማዕትን ውልቀሰባት ኢና ንዛረብ ዘለና። ምዕባለን ኣድማዕነትን ሕብረተሰብን ሃገርን ከኣ ኣብ ድምር ዓቕሚ ውልቀሰባት እዩ ዝምርኮሱ። ምኽንያቱ ፍልጠትን ሞያን ዘይዓጠቐ ሰብ ኣፍራይነቱ ድኹት እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ሃገራት ወይ ሕብረተሰባት፡ ንኹሉ ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታን ማሕበራዊ ቦታን ናይ ትምህርቲ ዕድል ንምርግጋጽ፡ ሓያል ጻዕሪ ዘካይዳ ዘለዋ፡ ዘይተማህረ ሕብረተሰብ ብሰንኪ ድንቁርናን ግዳይ ድሕረትን ድኽነትን ህድማስ ዘይብሉ ምዝመዛን ክኸውን ብዙሓት ስለዝተረጋገጸ እዩ። ብርግጽ ድማ ብዘይ ኣፈላላይ ንኹሉ ኣባል ሕብረተሰብ ምዕሩይ ዕድላት ትምህርቲ

ክርሕው ዘይክኣለ ህዝቢ ወይ ሃገር፡ ቅልጡፍ፡ ጥዑይን ፍትሓውን ምዕባለ ከረጋግጽ ተኽእሎ የብሉን።

ኣብዚ ኣመለኻኽታ'ዚ ብምብጋስ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኩሎም ዜጋታት ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዘመናዊ ትምህርቲ፡ ጥበብን ሞያን መሊኾም፡ ኣፍራዪ ዓቕሞም ዘደንፍዕሉ ባይታ ንምፍጣር፡ በብደረጃኡ ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርቲ ዘሰንቓ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ብምምስራት፡ ቆልዑን መንእሰያትን ፍልጠት ዘኻዕብዙሉ ሰፊሕ ዕድላት ፈጢሩ ይርከብ። ከም ዝፍለጥ መብዛሕትኡ ህዝብና ቅድሚ ናጽነት ኣገልግሎት ትምህርቲ ተሓሪምዎ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ምዕሩይ ዝርጋሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ክካየድ ዝጸንሐ ዕማም ክበደቱ ቀሊል ኮይኑ ኣይጸንሐን። ዝጸዓረ ስለ ዝዕወት ግዱ ኣብ ትሕቲ ቅርጺን መሳለጥያታትን ብዝተገበረ ገዚፍ ወፍሪ፡ ካብ ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ጀሚርካ ክሳብ ላዕለዋይ


ስእሊ: ዮውሃንስ መብራህቱ

ደረጃ ትምህርቲ ዝሀባ ኣብያተ ትምህርቲን ኩሊጃትን ብጠቕላሊ ንምህናጽ ተኻኢሉ። ከም ውጽኢቱ ሰታፊ ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ቁጽሩ ብዝዓጸፈ ክዓቢ ክኢሉ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ቤት ትምህርቲ ዘይከይድ ወይ እውን ከመሃር እናደለየ ቤት ትምህርቲ ስኢኑ ዝጠፍር ቆልዓ የለን። ኣብ ከተማታት ይኹን ርሑቕ ገጠራት ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ።

ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምስፋሕ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲን ምውዳድ መሳለጥያታትን ዝተገብረ ገዚፍ ወፍሪ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኩሉ ዜጋ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ብናጻ ከም ዝረኽቦ ኮይኑ ኣሎ። ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ካብ ክሰራሉ መኽሰቡ ይዓቢ ዝብል እምነት ስለዘሎ። ብርግጽ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ መንእሰያት፡ ዘመናዊ ፍልጠትን ሞያን ሰኒቖም፡ ኣብቲ ዓያዪ ሓይሊ ክጽንበሩ እንከለዉ፡ ኣፍራይነትን መካዚትን ሕብረተሰብ ኣብ ምዕራግ ዘህልዎም ግደ፡ ካብቲ ንምስልጣኑ ዝተገብረ ወፍሪ ብዙዓጻፊ ዝዓበየ እዩ። ናጻ ኣገልግሎት ትምህርቲ እምበኣር፡ ብኣድማዕነት እንተተሰሪሑሉ መኽሰብ እምበር ክሳራ ኣይኮነን። ክሳራ ዝኸውን ወጽኢቱ ኑቲ ዝተሓሰበ ዕላማ ምስዘይወቅዕ ወይ እውን ዓቕሚ ሰብ ዘጠኽን ዘይኣድማዒ ንጥፈት ምስዝኸውን ጥራይ እዩ።

መለክዒ ኣድማዕነት ኣገልግሎት ትምህርቲ ብዙሕ ተሳተፍቲ ዘይኮኑ ብቕንዱ እቲ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ ብኡ ዝሽሰኸስ ብቕዓት እዩ። ትጽቢት እንገብረሉ ወጽኢት ትምህርቲ፡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ህይወቱ ብዝበለጸ መገዲ ዘመርሓሉን ማሕበርኡ ዘመሓይሸሉን ፍልጠት፡ ሞያን ክእለትን ሰኒቑ ኣፍራይነቱ ብምሕያል፡ ኣብ ዕቤት ቁጠባ ሃገር ገሊሑ ኣበርክቶ ኣብ ዝገብረሉ ደረጃ ምብጻሕ እዩ። ብሉጽን ብቑዕን ኣብ ልምዓት ሃገር ዓቢ ስምብራት ዘለዎን ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ዘሎ ሃገራዊ ራእይን ዕላማን ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ እምበኣር፡ ዛጊት ኣረጋጊጽናዮ ዘለና ገስጋስ ብምዕቃብ፡ ጻዕርና ብቀጻሊ እናዛየድና ክንከይድ የድሊ።

ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ናይ ምብጻሕ ሓላፍነት ብቐንዱ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት እኳ እንተኾነ፡ ዘውሃብ ኣገልግሎት ብዓይነቱ ዝበለጸ ምግባር ግን ናይ መላእ ሕብረተሰብ ጻዕሪ ዝወስኖ እዩ። ምምሕያሽ ዓይነትን ብቕዓትን ኣብያተ ትምህርቲ ዓቕሚ ዘለዎ ብገንዘቡ፡ ሞያ ዘለዎ ብሞያኡ፡ መላእ ህዝብና ኣብ ወሽጢ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታትና ብዝተወደበ መገዲ ኣበርክቶ ክገብሩሉ ዝኾኽ እዩ። እቲ ብስፍሓት ክትግበር ዘለዎ ዕማማት ኣብዚ ዝሰዕብ ነጥብታት ጸሚቖካ ምቕራብ ይከኣል፡

### 1) ምምላእ መሳለጥያታት

ኣብ ትምህርቲ ተመዝጊቦ ዘሎ ገስጋስን ተፈጢሩ ዘሎ ርሒብ ዕድላትን ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ፡ ሃገራዊ ራእይናን ጥሙሕናን ኣመና ዓቢ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ትምህርቲ ብዓይነቱ እናተመሓየሸ ንክኸይድ ተወሳኺ መሳለጥያታት ናይ ምውዳድ ሰራሕ ብስፍሓት ምትግባር የድሊ። ከመይሲ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ብቑዕ ፍልጠት ኣብ ምስግጋር ኣዝዮም ወሰንቲ እዮም። ስለዚ ድማ ላቦራቶሪታት፡ ዎርክሾፕታት፡ ኮምፒዩተራት፡ ኣገልግሎት ኢንተርነት፡ ኣብያተ ንባብ፡ መምሃሪ መጻሕፍቲን ተወሳኺ ናይ ንባብ መጻሕፍቲን ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይን ብምልኣት ከም ዝበጽሕ ንምግባር፡ ሕጂ እውን እቲ ጻዕሪ ብዝለዓለ ደረጃ ክቕጽል ኣለዎ። ብቑዕ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ኣብ ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲ ምውዳድ ዝጠልቦ ርእሰማል ገዚፍ እኳ እንተኾነ፡ ምስ ዕቤት ቁጠባን ሃገራዊ ዓቕሚን እናተዛመደ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝግበር ወፍሪ ደረጃ ብደረጃ እናዓበየ ክኸይድ ዘለዎ፡ ግድነታዊ ቅድመ ኩነት ንምዕባለ ትምህርቲ እዩ።

### 2) ምውርጻጽ ስርዓተ ትምህርቲ

ኣብዚ ዘመን'ዚ፡ ሕብረተሰባት ወይ ሃገራት፡ ዋሕስ ምዕባለኦምን ተወዳዳርነቶምን ስርዓት ትምህርቲ እዩ። ኣብ ቁጠባዊን ቴክኖሎጂያውን ውድድር፡ ፍልጠት ሞያን መካዚትን ዜጋታት ቀንዲ ረቛሒ ናይ ጽብልልትነት ስለዝኾነ፡ እተን ብቑጠባ ኣዝየን ዝማዕበላ ሃገራት፡ ኣብ ዜጋታተን ኣውራ ድማ ኣብ'የም ተካእቲ ወለዶ መንእሰያት፡ ብቕዓት ትምህርቲ ከይጎድል ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ እየን። ምንቅልቃል ብቕዓት ትምህርቲ፡ ሕቶ ሃገራዊ ድሕነት ስለዝኾነ፡ ከም ኣዝዩ ኣተሓሳሳቢን ኣሻቓሊን ጉዳይ እዩ ዝጥመት። ንሕና ኣብ ምምዕባል እንርከብ ህዝብታት እውን ብተመሳሳሊ፡ ማዕረ ዓለምና ክስርዕና ዝኽእል ቀዳማይ ረቛሒ ባህርያዊ ጸጋ ዘይኮነ ዓይነት ሰብና ምኳኑ ብምእማን፡ ኣድህቦና ዝያዳ ካልእ ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ ብምቕናዕ ስርዓተ ትምህርትና ብቐጻሊ እናሓደለ ከምዝኸይድ ብምግባር፡ ምስ ግዜን ምዕባሌታትን ዝሰጉም ብሉጽ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ብቐጻሊ ክንጽዕር የድሊ።

### 3) ምሕደራ ትምህርቲ

ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ ካልእ ኣገዳሲ ረቛሒ ምሕደራ እዩ። ምኽንያቱ ብሉጽ ስርዓት ትምህርቲ ሒዝካ፡ ትምህርታዊ መሳለጥያታት ብምልኣት ምስ ኣዋደድካ እውን እንተኾነ፡ ትካላት ትምህርቲ ኣገልግሎቶም ኣድማዒን ወጽኢታዊን ዝኸውን፡ ጉድለትን ድኻምን ብኣጋ እናፈወሰ ንዝበረኸ ብቕዓት ዝሰርሕ ሓያል ትምህርታዊ ምሕደራ ምስዝህሉ እዩ። ብቕዓት ተማሃሮ፡ ዓይነት ስርዓት ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝውስኖ። ንኡ ዘተግብር ምሕደራ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ከመይሲ ድኹም ምሕደራ ትምህርቲ፡ ዋላ እቲ ዝበለጸ ስርዓት ትምህርቲ እናሃለወ፡ ትርጉ ብኹነት ተማሃሮ እዩ።

እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሰለስተ ነጥብታት ኣብ መሰረሕ ምስትምሃር ብቕዓት እናተመሓየሸን እናማዕበለን ክኸይድ ዝገብሩ ዕዮታት እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ፡ እጃም ናይቶም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ወሳኒ ተራ ክጻወቱ ዝኽእሉ ወገናት ደገምካ ምዝካኻር ኣገዳሲ ይኸውን።

#### ሀ. ግደ መማህራን

ኣብ ምዕባለ ስርዓተ ትምህርቲን ምሕደራኡን ኮነ ኣብ ምዕራግ ብቕዓት ትምህርቲ ቀዳማይን ዝለዓለን ተራ ዘለዎም መማህራን እዮም። ብቕዓት መማህራን ምስ ብቕዓት ምሕደራ ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ይኹን እምበር፡ ባዕላዊ ረቛሒ ናይ መማህራን እውን ወሳኒ እዩ። ርዝነት ተልእኾኦም ብምንባእ ተገንዚቦም፡ ስራሖም ብተገዳስነት ዝፍጽሙ፡ ብስነምግባርን ህርኩትናን ንተማሃሮ ኣብነት ዝኾኑ መማህራን ዘፍረይዎም ተማሃሮ ኣዝዮም ዕዉታት እዮም። ክንዲ ዝኾነ መማህራን ንኡቦም ከም ቀስቲ ናይ ሓደሽ ወለዶ ዝጥምቱ፡ መኽሰቦም ኣብቲ ዘሰስኽስዎ ወለዶ ክርእዩ ዝብህጉ፡ ሃገርን ሕብረተሰብን ዘሰነየም ሕድሪ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ዝፍጽሙ ንቑሓትን ብስላትን ክኾኑ የድሊ።

#### ለ. እጃም ወለዲ

መንግስቲን ኣብያተ ትምህርቲን ዘካይድዎ ጻዕሪ ብምድጋፍ ወለዲ ብሸነኾም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲን ምሕያል ብቕዓትን ክዝበርዎ ዝኽእሉ ኣስተዋጽኦ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ፍቕሪን ተገዳስነትን ከሕድሩ ዝድርኹ ናይ ወለዲ ምትብባዕን ክትትልን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ወለዲ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ንዋይን ሃብቲ ንደቆም ክወርስዎ ዝግብኦ ዝበለጸ ውርሻ ትምህርቲ ምኳኑ ፈሊጦም፡ ሃምን ቀልቢን ደቆም ኣብ ትምህርቲ ከምዝቐንዕ ብምግባር፡ መጻኢ ዕድል ደቆምን ሕብረተሰቦምን ንምውሓስ ሓላፍነቶም ክፍጽሙ የድሊ። ኣብ ርእሲ'ቲ ውልቀ ወላዲ ኣብ ቤቱ ከበርክቶ ዝኽእል እጃም፡ ብሓባር እውን ኮሚቴታት ብምቛም፡ ወለዲ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ጥቡቕ ምትእስሳር ክፈጥሩ ይግባእ። ዕማም ኮሚቴታት ወለዲ፡ ንንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ብጥብቂ ምክትታል፡ ማስርሕ ትምህርቲ ምምዕጋም፡ ኣሉታዊ ተርእዮን ድኻምን ምንቃፍን መመሓየሺ ሓሳባት ምፍልፋልን እዩ።

#### ሐ. ድሌትን ጻዕርን ተማሃራይ

ረብሓ ትምህርቲ ብቐዳምነት ኑቲ ዝተማህረ ውልቀሰብ እዩ። ብኻልኣይ ደረጃ ድማ ንሃገርን ሕብረተሰብን። ትምህርቲ ናይ መውጽኢታ ሸቶኡ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ውልቃዊ ህይወቱ ብዝበለጸ መገዲ ዘመርሓሉን ማሕበርኡ ዘመሓይሸሉን ኩነታት ምፍጣር፡ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ቁጠባዊ ዕቤት ሃገር ብዝለዓለ ናህሪ ምስጓም እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን እቲ ኣብ ዝኾነ ቦታን እዋንን ህይወትካ ብልሙጽ ንኸትመርሕ ዘኽእል ዘይሕንኹኽን ዘየብርስን ሃብቲ ትምህርቲን ብትምህርቲ ዝርከብ ሞያን ጥራይ እዩ። በዚ ድማ ተማሃሮ፡ ተፈጢሩሎም ዘሎ ርሒብ ዕድላትን ብሩህ መጻኢን ብምጥማት፡ ሓጸር ሓሳባት ወገድ ኣሊዮም ኣርሒቖም ብምርኣይ፡ ዕድመ ምሉእ ምስኦም ዝነብር ዘሓጥቦን እምብዛ ዘርብሕን ሃብቲ ንምጭባጥ ክጽዕሩ፤ ተወዳዳሪ ዓቕሚን ብቕዓትን ንምጥራይ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዘመኖም ብልዑል ሓሞ ተጋዳሊትን ክጽዕሩ የድሊ።

#### መ. ድርኺት ሕብረተሰብን ትካላቱን

ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ዓቢይን ወሳኒን ሃገራዊ ዕላማ ሸቶኡ ዝወቅዕ መላእ ሕብረተሰብ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ በዘየቋርጽ ምንም በጠዘምልከቶ ዓውዲን ደራኺ ተራ ምስ ዝጻወት እዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ኩሎም መንግስታዊ፡ ህዝባዊን ብሕታውን ትካላት በብዓውዶም፡ ብቐጻሊ ትምህርቲን ስልጠናን ሞያን ክእለትን ዝዕጠቐ ኣፍራዪ መንእሰያት ንምፍጣር ዘየቋርጽ ጻዕሪ ከካይዱ ናይ ምዕባለ ስትራተጃና ሓላፍነት የሰክሞም እዩ።

ሃገራዊ ቻርተርና ከምዝገልጾ፡ ራእይና፡ "ኤርትራ ብቑጠባ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ትምህርቲን ቴክኖሎጂን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ስልጣነ ከምእትበጽሕ ምግባር እዩ።" ናብዚ ራእይ'ዚ ንምብጻሕ ከኣ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ጸጋታት ምድርን ባሕርን ቅድሚት ዝሰርዕ ሰብኣዊ ጸጋ እዩ። ብሓጺሩ ዝዓበየ ርእሰማል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ሰብ፡ ብሕልፊ ድማ እቶም ኣብ ምዕባይን ምጉላዝን ዝርከቡ ቆልዑን መንእሰያትን እዮም። በዚ መገድ'ዚ ምስ እንጥምት፡ ሓደ ሕብረተሰብ ንቆልዑን መንእሰያትን ሞያን ፍልጠትን ካብ ምስናቕ ዝዓበየ ካልእ ዕማም የብሉን።


# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ስነ-ጥበብ ስእልን ቤት ትምህርቲ ሰውራን

*ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ዝኽሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ስነ-ጥበበኛታት መምህራንን ተመሃሮን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ ጨንፈር ማእከል ምርምርን ሰነዳን ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ዝገበሩዎ ዝኽራዊ ትረኻ ብሓጺር ነቕርበልኩም፡፡*

**ሃይለሚካኤል ዕቑባ**



ኣርቲስት ሃይለሚካኤል ዕቑቡ

ምስ ክልተ ሰለስተ ኣዕሩኽተይ ብምኳንየ ካብ ማይተማናይ ንሜዳ ወጺአ፡፡ ንኽንወጽእ ዝደረኸ ምኽንያት ነይሩ፣ ኣቦይ ኣብ እንዳ ኮካ ይሰርሕ ስለ ዝነበረ'ሞ ምሳሕ ኩብጽሓሉ ኢለ ኣብዛ እንዳ ግርማይ፡ በታ ሽዑ ዝነበረት ጸዓብ ጽርግያ ኣውቶቡስ ክሳፈር ይጽበ ነይረ፡፡ ናይ ነገር ቀልዓ ድኣ ኮይኑኒ'ምበር፡ ገዛና ቀረባ ስለ ዝነበረት ካብኣ ናብኣ ኣውቶቡስ ምስፋር ኣይመድለየንን፡፡ ኣብኣ እናተጸበኹ ከለኹ ሓንቲ ጎማ እግሪ ታንኪ ብእንዳኽርቢት መጺኣ፡፡ ሓደ ጻዕዳ ኩዳን ዝለበሰ ነዊሕ ግሩም ሱብኣይ ድማ፡ ብዓዲሰግዶ መጺኡ ደኒኑ እግሩ እናነገፈ ከሎ እታ ታንኪ እግሩ ረጊጻቶ ትሓልፍ፡፡ እቲ ሱብኣይ ከኣ እግሩ ምስ ተረገጸ ከም ስርዓት ኣንከባሊሉ ንዯው በጺሑ፡፡ እታ ሳእኑ ኣብኣ ተሪፋ ርእየያ፡፡ ህዝቢ ብስንባደ ሆሆ! ኢሉ፡፡ ኣነ'ውን ከምኡ ካብኣ ነፊጸ ገዛይ ተራእየ፡፡

ድሕሪ'ዚ፡ ምስ ብዓል ኣሰፋው ዓንደኪኤል (ጃምቦ) - ብህይወት ኣሎ - ተውዳዲብና "ነዛን ሱብ ዝረግጻ ዘሎዋ ታንክታት ንኽተረን ተበሃሂልና፡፡ መካይን ናይ ሮንዳ ዝመጽኣሉ ሰዓታት ስለ እንፈልጦ፡ ኣብ ኮርናዕ ገዛ እንዳ ኣደይ ምልእተ ኣድቢና ተጸቢና፡፡

እቲ ግዜ፡ 1977 ኣቢሉ እዩ፡፡ ማይተመናይን ሓዘሓዘን ከኣ ናይ ፈዳይን መዋፈሪ ኮይኑ ስለ ዝነበረ፡ እተን ሮንዳ ጥብቂ ምኽትታል ክገብራሉ ጀሚረን፡፡ ኮለላ ክገብራ እንከለዋ፡ ኩሉ ግዜ ቀድሚት ጂፕ፡ ድሕሪኣ ጎማ እግሪ ታንክ፡ ሳልሰይቲ ካልእ ተሸከርካሪት ብድሕሪት ኮይነን እየን ዝዞራ፡፡

እተን ተሸከርከርቲ ክሳብ ዝመጽኣ ኣድቢና ድሕሪ ምጽባይ፡ ኣብ ገዛውትና ምስ መጽኣ ኑብስና ሓቢእና እምኒ ደርቢናለን፡፡ ኣነ ዝደርበኹዋ እምኒ፡ ንሓደ ኣብ ጎማ እግሪ ተሳፊሩ ዝነበረ ወተሃደር፡ ኣብ ካስኮ ሓጺን ቀብዑ ሃሪማ ኪውው! ኢላ ኣድመጸት፡፡ እቲ ወተሃደር ሰንቢዱ ርእሱ ሓንሳብ ንውሽጢ ጸቒጥ ኣቢሉ እንደገና ከብቢኡ ክቋመት ርእሱ ሓፍ ኩበል፡ እታ እምኒ ንላዕሊ ነጢራ ካልኣይ ግዜ ኣብ ካስኮኡ ሃሪማ ከውው! ኣበሉቶ፡፡


ወተሃደራት፡ ቁም! ቁም! ኢሎም ኑተን ተሸከርከርቲ ደው ኣቢሎም ኑቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ህዝቢ ክሕዙ ጀሚሮም፡፡ ወላ'ቲ ኣብ መጸበዩ ኣውቶቡስ ክጽበ ዝጸንሐ ህዝቢ ህድማ ይጅምር፡፡ ወተሃደራት፡ ንሓደ ምስ ኑብሰ-ጾር ኣዲኡ ዝነበረ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ቀልዓ ሰሒቦም ብምሓዝ፡ "ወንበዴ" እናበሉ ኑቲ ሓለቓ ኣቕሪቦምሉ፡፡ እቲ ሓለቓ ድማ፡ "እንታይ ኢጋጢሙካ፡ ኣበይ ዘሎ ወንበዴ፧" ኢሉ ኑቲ ካስኮኡ ዝተሃርመ ወተሃደር ሓቲቶ፧ እቲ ወተሃደር ድማ፡ "እዚ፧" ኢሉ ኑቲ ብፍርሒ ኣዒንቱ ፈጠጠጥ ዘብል ዝነበረ ቀልዓ ኣቕረበሉ፡፡ እቲ ሓለቓ ሓሪቑ "እዚ ከመይ'ሉ ወንበዴ ይብሃል!" ኢሉ ኑቲ ወተሃደር ጉንድ እዝኑ ጸፍዖ፡፡ ሕማቕ ዝረኣዩ ኣቕሸሽትን ዓበይቲ ሰባትን ምስ'ታ ኣደ ቖልዓ ኮይኖም ለሚኖም ኑቲ ቀልዓ ኣገላገሉዎ፡፡

እቲ ተታሒዙ ዝተለቀ ቖልዓ፡ ሰገድ እዩ ዝበሃል፡፡ ከይነግረለይ ኣብ ርሑቕ ኮይነ ብምልክት ኢደይ የጠንቅቖ ነበርኩ፡፡ ግን፡ ሽዑ'ኳ እንተዘይኣቃልዓኒ፡ ቀስ ብቐስ ግን እታ ምስጢር ብዘረባ ዘረባ ተቓሊዓ፡፡

ስለ'ዚ፡ እታ ጉጅለና (ሰለሙን ስዩም፡ ኣሰፋው ዓንደኪኤልን ኣነን) ካብ ኣስመራ ክንወጽእ ነይሩና፡፡ ኣሰፋው ዓንደኪኤል ንዓዱ ዓመጺ ስለ ዝተበገሰ፡ ምስኡ ክሳብ ዓመጺ፣ ካብኡ ድማ ንሜዳ ቀጺለ ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ዜሮ ኣትየ፡፡

ኣብቲ ቤት ትምህርቲ፡ ሳልሳይ ክፍሊ ክጅምር ኢለ ናብ ክፍሊ ምስ ከድኩ፡ ትምህርቲ ብቛንቋ ትግረን ትግርኛን ክወሃብ ጸኒሑኒ፡፡ ኣብቲ ክፍሊ ምስ ኣእተዉኒ ቋንቋ ትግረ ጋን ኮይኑኒ፡፡ "እሞ ኣነ ሳልሳይ ክትትኩበደኒ እያ፣ ንካልኣይ ክምለስ ይሕሸኒ" ምስ በልኩ፡ ካልኣይ ክፍሊ ጀሚረ፡፡ ቀኑብ ውርድ ኢለ ስለ ዝጀመርኩ'ውን ኣይጸገመንን፡፡

ኣቃውማ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዜሮ፡ እንዳ መማህራን (እንዳብዓል ወዲሸኽ) ዝነበረ ዝተሓተ እዩ ነይሩ፣ ድሕሪኡ ሕክምና፡ ቀጺላ ንእሽቶይ ቦታ ሕርሻ ነይራትና፣ በዚ ሓደ ጎድኒ ድማ ሓለዋ ነይሮም፡፡ ዜሮ፡ ክልተ ሰለስተ ክፍልታት ሰድያታት ዝነበረን ነይረናና፡፡ ክለባት ባህልን ኢደ ስርሓትን ኣብዚ እየን ነይረን፡፡ ክለብ ስእሊ ኣብ ትሕቲ ኢደ ስርሓት ኮይና ሰለስተ ደረጃታት ነይሩዋ፡፡ ዓበይቲ ማእከሎትን ንኣሽቱን፡፡ እቶም ዝያዳ ኣብቲ ሞያ ደፊኦም ዝነበሩ ብዓል ሓኽሊ፡ ወዲ እምባዩ፡ ጣሃ፡ ኑቢያት፡ ሓሙሽተ ሰባት ዝሓቑፈት ዓበይቲ ነይሮማ፡፡ ብዓል ስውእ ኣርቲስት ሙሴ ኣስገዶም ዝነበሩዋ ሓንቲ ስትድዮን ሓንቲ ናይ ስቶርን ዝመስል ዓይነት ክፍልታት ኣብ ዝነበራ ድማ ማእከሎት ነይሮም፡፡ ኣነ፡ ወይኒ ዋጭል፡ ግርማይ ገብረሚካኤል፡ እዮብ ዑቕባይ፡ ጎይትኦም (ዓልዮ)... ንኣሽቱ ተጸንቢርናዮም፡፡ ዓልዮ፡ ንፉዕ ሰኣላይ ነይሩ፡፡ ዓብደላን ወዲ ጉዕመሸን'ውን ብመጠኑ ንፉዓት ነይሮም፡፡ እዚኣቶም፡ ከም ተመሃሮ ሰእሊ ኣብ ትሕቲ ኢደ ስርሓት ነይርና፡፡



ኣርቲስት ህጻን ሃይለሚካኤል ዕቑቡ

ስነ-ጥበብ፡ ዓጣ እዩ ዝመርሓ ነይሩ፡፡ ናይ ስእሊ መምህርና'ውን ንሱ እዩ ነይሩ፡፡ ዓጣ፡ ዓቕሙ ኣብ ስእሊ ድኑት እዩ፡፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣብታ ክፍልና ክልተ ዓይነት ስእሊ የዘውትር ነይሩ፣ ኣብታ ሰሌዳ ንሓንቲ ኣፍራዛን ሓንቲ ጀበናን ምስኣል ይደጋግም ነይሩ፡፡ እዚ ናይ ኢደ ስርሓት ብዓል ሞያ ምንባሩ'ዩ ዘርእየካ፡፡ ምኪኤል (ሃጺያዊ) ኸኣ ዝሓሸ ተባሂሉ ክምህር መጺኡ፣ ንሱ'ውን መጋዝ ጥራይ ምስኣል የዘውትር ነይሩ፡፡ ናይ ኢደ ስርሓት ሰባት ስለ ዝኾኑ እተን ንሳቶም ዝፈልጡወን እዮም ዘርእዩና ነይሮም፡፡ ግን፡ ኣብ ሰውራ ከምኡ እዩ፡፡ እቲ ዝሓሸ መንቋሕቋሕታ ዘሎዎ ኑቲ ድኹም እናደገፈን እናተመላልአን'ዩ ዝዓቢ፡፡ ድሓር ግን ጽቡቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ ምቛም ክለባት ስነ-ጥበብ ስእሊ ስለ ዝመጽአ፡ እታ ኢደ ስርሓት ዝፈጠረቶ ባይታ፡ እዞም ኣስማቶም ዝዘርዘርኩዎም ንክለብ ስእሊ መስሪትና፡፡

እቲ ኣብ መጻሕፍ ኣካዳሚ ዝሰፍር ኣሳእል ብዓል ቃልኣብ ብዓል መዓሾ ዘዳልወዎ ዝነበሩ፡ እቶም ተመሃሮ'ውን ኣብኡ ከነበርኩት'ዩ መደብ መጺኡ፡፡ ክንመሃር ውዒልና ንምሸቱ ምስ ኣባላት ኳንና ኣብ ናይ ካሪኩለም መጻሕፍ ዝሰፍር ኣሳእል ነዳሉ ነይርና፡፡ ንግሆ ከም ተመሃሮ ምሸት ከም ኣባላት ኳንና ኣብ እንዳ መምህራን ኬድና ንጥፍ ነይርና፡፡ ብወኸይ ምስ ኣብርሃም ተኽለ ነዊሕ ሰሪሐ፡፡

ኣብ ውሽጢ'ታ ክለብ ስነ-ጥበብ፡ ኣካል ናትና ኮይኖም፡ ግን ጽሑፋት ዘዳልዉ "ኮኾብ ቀይሕ" ናይ ትግረን "መሪሕ" ብቛንቋ ትግርኛን ክልተ መጽሔታት ዜናን ፕሮፓጋንዳን ነይሮምና፡፡ እዚኣቶም ብዓል ኢሳቕ መሓሪ፡ ላይነ ብላታ፡ ሓመድሻጥር (ናይ ትግረ) ነይሮም፡፡ ኣብ ጽሕፈት ብዓል ወዲበሽር፡ ብዓል ወዲሸኽ፡ ወዲ መሓመድ ወሳኒ ተራ ነይሩዎም'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ብዓል ላይነ ንብይኖም ኑቲ መጺሔት ክኣልዩዎ ኣይክእሉን ነይሮም፡፡ ላይነ ብላታ ምስ ሓመድሻጥር ክልቲኦም ንፉዓት ስኣልቲ እዮም፡፡ ኑቲ ሞያ ኣብኡ ኣብቲ ናይ ዜና ተማሂሮሞ እዮም፡፡


መጀመርታ፡ "ፊተውራሪ" ዝብል ኣርእስቲ ዘሎዋ መጽሔት የዳልዉ ነይሮም፡፡ ድሓር'ውን ንመጽሔት መሪሕ ብፒሮ እናጽሓፉ የዳልዉዋ ነይሮም፡፡ ብናይ ብዓል ላይነ (ዜናን ፕሮፓጋንዳን) ብፍርቂ መንደቕ ፍርቂ ዕንጸይቲ ኣብ ዝተሰርሐት ጭፍልቕ ዝበለት ጽላል ኮይኖም እዮም ዘዳሉዉዋ፡፡ ኣብኣ ቴፕን ረድዮን ነይረንኦም፣ ክሰምዑ ዕድል ነይሩዎም፡፡

ኣብ ዜናን ፕሮፓጋንዳን፡ ላይነን ሓመድሻጥርን ክኢላታት ስእሊ ስለ ዝኾኑ፡ ብጉዳይ ስእሊ ናባና ኣይመጽኡን ነይሮም፡፡ ኣቐዲሙ ግን ናይ መጽሔታት መሪሕን ኮኾብ ቀይሕን ቀይሕ ሕብሪ መሸፈኒ፡ ኮኾብን ሸግን ዝሓዘት ቅልጽም ነዳሉ ነይርና፡፡ እዚ ስራሕ'ዚ ግን ጸኒሑ ናብ ብዓል ላይነ ከይዱ፡፡ ምኽንያቱ ብዓል ላይነ'ውን ሰኣልቲ ስለ ዝኾኑ፡፡ ዝያዳ ግን ሓኽሊ ሓያል ነይሩ፡፡ ንሕና ድማ ክሳብ መወዳእታ ኣብ ምድላው ኣሳእል ናይ መጻሕፍ ቀጺልናዮ፡፡

እዛን ክለባት ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ'የን ዝጥዓ ዝነበራ፡፡ ድሒሩ'ውን ጋንታና ዝተፈልየ ፈጠራ ጀሚርና፡፡ ንተመሃሮ ፊልም ተብላሒትካ ጎማ ናይ ጸባ ቀዲድና፡ ብቐይሕ ፒሮ ወይ ማርከር (መምህር ኣለም ሰገድ ብዘሃበና ሰለስተ ዓይነታት ሕብርታት ናይ ማርከር) ብላምፓዲና፡ ብቦኮ ገይርና መስሓቕ ዝኾነ ኣሳእል ኣዳሊና ንተመሃራይ ነዘናግዕ ነይርና፡፡

ድሓር፡ ወዲ እምባዩ ቀልጢፉ ናብ ባህሊ ከይዱ፡፡ ብዓል ሙሴ ኣስገዶምን ካልኦት ዓበይቲ ስነ-ጥበበኛታትን ፍርያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ እዮም፡፡ ንሕና ኸኣ ሽዑ ኣይጸናሕናን ንሳልሳይ ክፍሊ ክንመሃር ንሳትረብ ኬድና፡፡

ኣብ ሳትረብ ፍሉይ ትዝታ'የ ዘሎኒ፡፡ ነዚ ናይ ሕጂ ቤት ትምህርትና ሳትረብ ዝበልናዮ'ውን ካብኡ እዩ ዝቕል፡፡ ሳትረብ ቤት ትምህርቲ ማእቶትን ካልእን እዩ፡፡ ኣብዚ ንዝተወሰነ ግዜ ተሰፋይ ሓንክሽ መጺኡ ነይሩ፡፡ ንዓና ግን ናብ ሳትረብ ሃጺያዊ እዩ ወሲዱና፡፡ እታ ኢደ ስርሓት ከኣ ብዘላቶ ናብኡ ተጓዒዛ፡፡ እቶም ኣብ ዜሮ ካልኣይ ክፍሊ ዝነበርና ስነ-ጥበበኛታትን ተመሃሮን ኣካዳሚ ንኽንመሃር ኢና ኬድና፡፡ በዚ ምኽንያት እታ ክለብ ስእሊ ተጨላሊፉ ተዳኺማ፡፡ ግን እቶም ዘለና ኣብ ሳትረብ ኳንና ሃጺያዊ ዝምእክላ ስእልታት ምስኣል ቀጺልና፡፡ እቲ ንመጻሕፍ መምሃሪ ክኸውን ተባሂሉ



ኣርቲስት ሃይለ ወልደሚካኤል

ዝሰራሕ ዝነበረ ግን ደው ኢሉ፡፡ ካብዚ ንደሓር ኩነታት ምዝላቕ ኣርኪቡ፡፡

ምዝላቕ ምስኮ፡ ንሕና ካብ ሳትረብ ከነዝልቕ ጀሚርና፡፡ ነዊሕ ጉዕዞ እዩ ነይሩ፣ ሳትረብ ማይጨው እዩ፡ ማእቶት ዕንጨይቲ ተምጽኣሉ ቅርጺ መሬት ኣጻድፍ እዩ፡፡ ኣብኡ ነፋሪት ክትረኽቦካ ዘይሕሰብ ነይሩ፡፡ ሳትረብ፡ ዳርጋ ጽቡቕ ነገር የብላን፡፡ ናብኡ መኪና ብዙሕ ኣይትመጽእን እያ፣ እንተ መጽኣት ሰንቂ ኩተብጽሕ ሳሕቲ ግዜ እያ ትመጽእ፡፡ ኣብ ግዜ ምዝላቕ ናይ ትራንስፖርት ጸገም ስለ ዝነበረ፡ ዓበይቲ ፊተውራሪ፡ ነዚ ኹሉ ሰብ ብጉልበቶም እዮም ኣግዒዞሞ፡፡ ሳትረብ፡ ካብ ደጀን ኣብ ድሕሪት ናይ መወዳእታ እያ፡፡ ድሕሪኣ ማእከላይ ዜሮ ይርከብ፡ ቀጺላ ዜሮ እያ ትርከብ፡ ከነዝልቕ ከለና ካብ ሳትረብ ናብ ዜሮ ብእግርና በጺሕና፡፡ ኣብ ዜሮ ብምኽንያት ምዝላቕ ብዙሕ ምግምጣል ጸኒሑና፡፡ ዝቐበለና ሰብ'ውን ኣይነበረን፡፡ ኣብኡ እንከለና ጉዕዞ ቀጺልና፡፡

እቲ መንገዲ ዝመርሓና ዝነበረ ኣንፈት ኣጥፊኡ ዕንክሊል ኩበለና ሓዲሩ፡፡ ናብ ብዓል ኣልጌን ኣብ ዝጥምት ወገን መካይንን ታንክታትን ጸላኢ ብማዕዶ ክንርኢ ክኢልና፡፡ ኣብ ሓንቲ ጎቦ ሓዲርና ወጋሕታ ሰዓት ኣርባዕተ ንፈልኩት ኣቲና፡፡ ኣብዚ ክድነቓ ዝግባእ ኣለይትና እየን፡፡

ኣብቲ ግዜ'ቲ ምሉእ ህዝባዊ ግንባር ናብዝን ናብትን ዝብለሉ ዝነበረ ግዜ እዩ፡፡ ኣብ ከምኡ ዝበለ ኩነታት፡ ኣለይቲ ኣብ እነዕርፈሉ ቦታ (ቀብርውኣት) ሓሊፈን መግቢ ኣዳልየን ክጸንሓና ዘገርም ነገር'ዩ፡፡ ንግሆ ነፈርቲ ስለ ዘርከባ ትኪ ክቆጻጸራ ክግደዳ ናይ ግድን እዩ፡፡ ነዚ ኹሉ ጸገማት በዲህን ንዓና ከዕንግላ ክትርኢ ኑብሶኻ ክትሓትት'ዩ ዘድርኸካ፡፡

**ይቕጽል**

**ጨ/ምርምርን ሰነዳን**
**ቤ/ጽ ሓ/ጠቕላሊ ስታፍ**
**ሓ/ምክልኻል**




ኣርቲስት ግርማይ ገብረሚካኤል (ሓኽሊ)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ንግስቲ ተወልደ ግደ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተ ወልደስላሴ ተድላ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቁ/44 ይቕረብ።

ኮሎ. ሄኖክ ገብረእግዚኣብሄር ኪዳኑ ተኸሳሲ. እልልታ ገብረእግዚኣብሄር ተኸሊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ን08/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

ኣመልካቲት በላይነሽ ኪዳነ ዑቕባዝጊ፡ ተጸዋዒ መም/ተስፋሚካኤል ኣብርሃ፡ ንጉዳይ ወክልና ምስራዝ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

ፊይሩዝ ዘርኡ እምባዩ፡ ምባል ተሪፉ፡ ፊሩዝ ዘርኡ እምባዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/09/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሕገሸ ሞኾስ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ዘሙይ ተወልደመድህን ልጃም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ማኣዛ ወልዱ ዑቕባዝጊ፡ ኣደይ ሙብራት መሻሾ ደሱ ስለዝተሰውኣት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወረስቲ ፍ/ሄሪት ውዓሴ መሓሪ ብርሃ፡ 1. ሰላማዊት ገብረሂወት 2. የውሃና ገብረሂወት 3. ደጀን ገብረሂወት 4. ልዋም ገብረሂወት 5. ፊሽን ገብረሂወት 6. ፍሎሪዳ ገብረሂወት ከምኡ'ውን ወ/ሮ ዘውዲ መሓሪ ብርሃ ብወከሎም፡ ንተጸዋዕቲ 1. ወ/ሮ መድህን መሓሪ ብርሃ 2. ነ/ሄሪት ኣኽበረት መሓሪ ብርሃ ተኪኦታ 1. ደባይ ምሕረትኣብ 2. ዓወት ምሕረትኣብ 3. ማዕበል ምሕረትኣብ 4. ዲያና ምሕረትኣብ፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን06/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻፍሒ ከባቢ ዓዲ ሃሎ ፕሎት 5 ፓርሰል R ዚፕ ኮድ 1G1949 ጎደና – ቁጽሪ ገዛ – ዝርከብ ስፍሓቱ ኣብ 445.00 ት/ሜ ኣብ ዝተደኮነ ቦታ 6 ቀንዲ ክፍልታት 2 ክሽ/ሞንን 2 ዓይኒ ምድሪ ዝሓዘ ሕጂ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁጽሪ ንብረት 1BRGNF010474 ብዕለት 22/06/2026 ብስም ፍስሃየ ተስፋጋብር ሓየሎም ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ንሕና ኣቶ ፍስሃየ ተስፋጋብር ሓየሎምን ኣቶ በላይ ገብረእግዚኣብሄር ዑቕባትን ናይ ክልቴና ንብረት ምኳኑ ብቃል ማሕላና ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብዕለት 20/02/2025 ብዘረጋገጽናዮ መሰረት፡ ናብ ክልቴና ክምቀል ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ፍስሃየ ተስፋጋብር ሓየሎም
ኣቶ በላይ ገብረእግዚኣብሄር ዑቕባት

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ንኣባላቱ ናይ ጸገሪ ስርሓትን ምጽብባቕን (ምምሻጥን ሜክኣፕ) ኣገልግሎት ዝህብ ትካላት ክጫርት ስለዝደለዩ፡ በዚ ሞያ ዝጽዓሉ ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

- ተጫረትቲ፡ ናይዚ ሞያ እዚ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ መረጋገጺ ሰነድ ክቕርቡ ይግባእ።
- ተጫረትቲ፡ መኽበሪ ጨረታ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) C.P.O ወይ ጥረ ገንዘብ የትሕዙ።
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 3:00 ድ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ክወስዱ ይግባእ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ/ቴል 201820/121884 ምውካስ ይከኣል።
- ሚኒስትሪ ዜና፡ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈቱ ዝግልገሉ ናይ ካፊተርያ ማሽን ሻህን ቡንን ንምጽጋን ክጫርት ስለዝደለዩ፡ ግዱሳት ሕጋውያን ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

- ተጫረትቲ፡ ናይዚ ሞያ እዚ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ መረጋገጺ ሰነድ ክቕርቡ ይግባእ።
- ተጫረትቲ፡ መኽበሪ ጨረታ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) C.P.O ወይ ጥረ ገንዘብ የትሕዙ።
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 3:00 ድ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
- መጫረቲ ሰነድ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ክወስዱ ይግባእ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ/ቴል 201820/121884 ምውካስ ይከኣል።
- ሚኒስትሪ ዜና፡ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ንዝተሓለወ እዩ።


ሚኒስትሪ ዜና



## ምስጋና

ብሞትዋእቲ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓል ቤተይ ጉዳም ተጋዳላይ መሓሪ ክፍለየሱስ ወልደሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጊዜ ሕማሙ ደኺምና ከይበልኩም ዝበጻሕኩምናን ኣብ ገዛ ብኣካል ብምምልላስን ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና።

ብዓልቲ ቤቱ ተጋ/መሉ ኣርኣያ ገብረስላሴ (ጓል ሻምበል)
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ንጉሰ የዕብዮ ቢያን፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬስኡ ካብ ጅዳ ዝለኣኽኩም ፈተውትን ቤተሰብን፡ ኣብ ሓበላ ኬድኩም ዘቃበርኩምና፡ ካብ ወጻኢ ብተሌፎን ናይ ጽንዓት መልእኽቲ ዝሰደድኩምልናን ኣብ ገዛና ብምምጻእ ዘጸናናዕኩምናን ብልቢ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ስድራቤት ነ/ፍ የዕብዮ ቢያን
ብዓልቲ - ቤቱ ኣልማዝ ኪዳነ
ወዱ ፊልሞን ንጉሰ



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቅሮ ኣቦና ስነጥበባዊ የሱፍ ሰዒድ ኣሚን፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ካብ ጎኑ ዘይተፈለኹም፡ ምስ ዓረፈ ኣብ ግብጺ ካይሮ ስነስርዓት ቀብሩ ዝተሳተፍኩም ኣሕዋትናን ፈተውትናን ኣባላት ማሕበረኮምን ቤ/ጽ ኤምባሲ ኤርትራ ግብጺ፡ ካብ ኩሉ ኩርናዕ ናይ ዓለም ናይ ጽንዓት መልእኽትን ቴለፎንን ዝሰደድኩምልና፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየድናዮ መልቀስ ዝተሳተፍኩም ብልቢ እናመስገንና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና።

ወዱ ዳኒኤል የሱፍ ብርሃነ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና እምኀረሚ ቁ.ገዛ 24 ማለለይ ገዛ ASD00002999 ከባቢ ኮድ ገጀረት 1A177 ስፍሓት መሬት 73.12 ት/ሜ፡ ብስም ለተብርሃን ሃብተማርያም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣቶ ኣሮን ሃብተማርያም ወራሲ ምኳነይ ስለ ዘረጋገጽኩ፡ ናብ ስመይ ክመሓለልፎ ስለዝኾነኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይኮይኑ፡ ብዘሎ ኦሪጅናል ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምኳነይ እሕብር።

ኣሮን ሃብተማርያም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

State of Eritrea

IFAD Investing in rural people

## General Procurement Notice

Government of: The State of Eritrea

Project/procuring entity: Ministry Of Marine Resource - Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP)

GPN version: 1

GPN publication date: 03rd September, 2026

The Ministry of Marine Resource- Sustainable Fisheries Livelihood Programme has received grant from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP) and intends to apply part of the financing to payments for contracts for goods, works and services.

The procurement program for the year of 2026 will include the following:

Procurements for 2026

Estimated value – USD 258,100.00

Procurement of Goods to include:

ERI-2000003988-0004-G-IS
Procurement of stocking equipment and water quality test kits

ERI-2000003988-0006-G-IS
Procurement of consumables, materials, and reference standards for the National fish quality laboratory

ERI-2000003988-0008-G-NCB Procurement of materials and equipment for fish distribution facilities and outlets

- o Lot 1 (One): procurement of processing supplies for fish distribution facilities and outlets
- o Lot 2 (Two): procurement of equipment for fish distribution facilities and outlets

ERI-2000003988-0010-G-IS
Procurement of fish kiosks within the nearest MNFs to the dam area for fish value addition

ERI-2000003988-0014-G-IS
Procurement of Programme visibility and promotion materials ( KM)

ERI-2000003988-0021-G-NS
Procurement of sign boards for all selected dams

Contracts for goods, works and services will be implemented according to the principles, rules and procedures set out in the current versions of the IFAD Project Procurement Guidelines and IFAD Procurement Handbook.

Specific procurement notices for contracts to be tendered under the competitive bidding procedures will be announced as they become available on selected portals, in local newspapers, and other media outlets as appropriate.

Interested eligible bidders and consultants who wish to be included on the mailing list to receive a copy of advertisements, or those requiring additional information, should send an email to the authorized official and email address mentioned using the subject line "GPN V.1 for Sustainable Fisheries Livelihood Programme and indicating which of the procurement items they are interested in.

The State of Eritrea
Ministry of Marine Resources
Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP)
Attention: Samuel Brhane
SFLP Assistant Procurement Specialist and Contract Manager
E-mail: samuel.b@mmreri.org
Cc: ataklti.n@mmreri.org
Tele No: +291-1-541239/540827
Fax number: 291-1-540036/540081
P.o.box: 27
Massawa, Eritrea

---

ንሕና ህያብ ተቐበልቲ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻናሒ. ምምሕ/ከባቢ. ዓድ-ጓዕዳድ ጎደና 1133-25 ፕሎት 014 ፓርሰል 02-2 ዚፕኮድ 1G1133 ጠ/ስፍሓት መሬት 1,000.00 ት/ሜ ብመለለዪ መሬት ንብረት ASD000036233 ብዙሒ. ክፍልታት ቀንዲ 4 ሓገዝቲ 4 ማለት 2 ዓይኒ ምድሪ፡ 2 ኣዳራሽ፡ ስሩሕ ስፍሓት ህንጻ 480.15 ት/ሜ ብቑጽሪ ንብረት (ካዳስተር) 1BRGNFO15082/0 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ወላዲትና ወ/ሮ ቅድስቲ በርህ ሰቋር፡ ብህያብ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ሳዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንዘተዋህበና ናብ ስምና ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤ/ጽ ሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ኣብርሃም ግርማይ ከምኡ'ውን
ወ/ሮ ወይኒ ግርማይ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ንኡስ ዞባ 04 ማይተመናይ ጎደና 812 ቁጽሪ ገዛ – ሎታ 10 ፓርቸላ "B" ብምስኻር ዋንነት ድሕሪ ነጻነት ንዝተሰርሐ ኣባይቲ ከተማ ብመለለዪ ቁጽሪ 00172 መወከሲ. ቁጽሪ 139884 ብስም ኣውራሲናን ብዓል ቤተይ ነፍ/ዩሱፍ ኢብራሂም ከራይ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣና፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07164715 ወይ 07364193 ክሕብረና፣ እንተዘየሎ መተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምኳንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ በሩር ሳልሕ እድሪስ

---

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ደገ ምምሕዳር/ከባቢ. ሓሽከቶ፡ ብቑፍቓድ ዋኒን GBL0070541 ናይ ድኳን ሃ/ከራት ዝኾነት ትካለይ፡ ንወ/ሮ ፋጥና መሐመድኑር ሓምድ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ደገ ምምሕዳር/ከባቢ. ሐሽከቶ ብዕለት 10/08/2026 ብቑመዝገብ 4558 ብውህብቶ ስለ ዝሃብኩዋ፡ ብስም ወሃቢ. ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢ. ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

መሓመድ ሓምድ ሕጅ መሐመድ

---

ብስም ፋጥማ ዓሊ. ሳልሕ፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ፕሎት 13 ፓርሰል L ስፍሓት 500 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 1፡004418 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ስለ ዝሸጥኩ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ 1. ወ/ሮ ሳሮን በረኸት ተወልደ 2. ወ/ሮ ፊቨን የማነ ኪዳነኣብ 3. ኣቶ ተስፋማርያም ዓንደ ሃብተም ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምኳንና ንሕብር፡፡

ፋጥማ ዓሊ. ሳልሕ

# ቤት ትምህርቲ ሰውራ

## ካብ ምምስራቱ ምሕሳቡ ይብርትዕ፣ ዝያዳ ከኣ ፍርያቱ የኾርዕ!

መምህር ወልደዝጊ ቀለተ (ኣቦሓጎይ)
ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ

ጽርግያ ሾኽሎት ወረድካ እትርከቡ እንዳ 17 ተባሂላ እትፍለጥ ጉልጉል፡ ኣቶም ካብ ሱዳንን ደጀናትን ሰንቂ ጸዒናም ናብ መላእ ሓራን ሓወሲ. ሓራን መሬት ኤርትራ ዝገዓዙ ዝነበሩ ኣውቲስታታት መዕረፊኦም እያ ነይራ። ጸባ ሳልሳይ ዓለም በጸበጸም ዝሰትዩላ፡ ጥዑና ትግታት መኪናኦም ዝፍትሹላ፡ ጽዕነኦም ዘስተኻኽሉላ፡ ኮታስ ኩሉ እንትናኦም ዝሕደሱላ ኮይና፡ ካብ ከበቢኣ ብዘተሞጉዲ ዝሑል ኩነታት ኣየር ዘለዋ እያ።

እቶም ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እንዳባይ ርእሶም ብለዩቲ ኣጠርና ኣብ ዳሕረወይቲ መኪና ብምስቃል፡ መሻፈን ቴንዳ ከፊትና ኣብ ፖርቶፖጋልዮ ተጸጊዕና ክንጸናጸናም እንምሲ. ሕመማት ሕማም ተወዚፉ ኣብዛ ቦታ'ዚኣ ቀድሚ ምብጽሖም ካብ መካይናም ወሪድና ንእወርዋ፡ ተሓቢእና ብጵግሪ ገፅዞ ኣርከብም። ከፃዛ ንደባይ ዝተሓኣኸና ድማ ተጸጊዕና ንከታተሎም። ኣብ ከፃዚ ምጅንጃን እንክለና ድማ እዩ፡ ሓደ ካብቶም ኣውቲስታታት ነዛ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ ዝጠቐስኩዋ "እዚን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንግሊዝ ክምሃራ የብለንን!" እትብል ዳእላ ብምረት ዝተዛረበ፡ ካብዘን ቃፍላይ እታ ዳሕረወይቲ መኪና ኢና እንመርጽ። መኪና ናይዚ ተጫራቓይ ኣውቲስታ ከኣ ዳሕረወይቲ እያ ነይራ ማለት'ዩ። ኩሎም "እንታይ ማለትካ ኢኻ" ኢሎም ምስ ሓተትዎ፡ "ኣብ እንዳባይ ርእሶም ምስ በጻሕኩ ዘይንበር ደምጺ. ብድሕሪ መኪናይ ሰሚዐ፡ ቴንዳ እዩ ዝኸውን ኢለ ኣይተገደስኩሉን" በሎም።

"እሞ ምስዚ ዝበልካዮ እንታይ ኣራኺብዎ" ኢሎም ደጊሞም ሓተትዎ። "ናይ ድሕሪት ቴንዳ ከፊተዮ ነይረ፡ እዞን ቆልዑ ከኣ ብጣዕዱ በስኮት ዝበል ኣንበብን ደያብን ሰሪቆናኒ" ክብል መለሰሎም። ኩሎም ብሓቦር ብርቱዕ ስሓቕ ደርጉሕዎ። ቀጺሎም "ሕራይ ገዙ ጠምዮም ይኾኑ" ብምባል ብሓቦር መለሰሙሉ፡፡ ንሕና ግርቲ እኪይ ኣፍና ሓቲምና ብውሽጥና ስሒቕና። ምስዛ ዝመጽእናላ መኪና ይኹን ምስ መጋዕዝታ ቃፍላይ ምጉዓዝ ስለ ዘየዋጽኣና ድማ ካብኣን ተሪፍና። ብኻልኦት ቃፍላይ ጉዕዝና ቀጺልና።

ምልክታት (diagnose) ሕማም ተወዚፉ ብዙሓት እያም። እቲ ቀንዲ ምልክት ግና ካብ ናይ ፊና ከረጺት ነጸላ ሰሪሕካ፡ ሓቒ ኣስቲኻ ብዮግራፉ ኣብ ሞንኩብካ ሰቒልካ፡ ኣብ መሬት ንትት እናበልካዮ ምግዓዝ እዩ። ካልእ ምልክት ድማ፡ ኣብ እዋን ምምጋብ ቡቲ ነጸላ ምልእ ኣኻላትካ ተኸምቲምካ ገጽ ምምሳል፡ ሓይስቲ ናይ ቦንዳ (ላቫጆ) ክዓውንቲ ክዕደል ከሎ ምፍንፋኑ፡ ወይ ኣብ ሓመድ ፈፈው ኣቢልካ ኣዕሪጎካ ምኽዱ እያም።

መምህር ተኽልኣብ በርሀ ሓደ ካብቶም ሓደሽ (ናይ ላቫጆ) ክዳኑ ምኽዳን ዘፈንፍና ተማሃራይ እዩ ነይሩ። ኣብ 1984 ሓደስቲ ላንገረር ዝዓይኑ ጅንስ ነዊሕ ስሪ ተዓደልና ነይሩ። መብዛሕትና ብሓደሽ ቁረጽና ሓጺር ስሪ ገይርናዮ። ዝ. ምሕር ወ.ፃ ንመሰዋእቲ (ሕማም ተወዚፉ) ዘስተብዝሉ ኣለይትና ኢጋጣሚታት ኣብ ዘከዙረኽብሉ፡ ኣቶም ቡቲ ሕማም ኣመና ዝተጠቕዑ ኣለልዮም ይውገዞና ነይሮም።

እቲ ካልኣይን ቀንድን ብደህና ባህላዊ ነውጺ (cultural clash) እዩ። ናይ ባዕልና መንነትን ሕብረተ ሰብን ማስራትና ስለዘዘርናና፡ ኣብቲ ዓቢ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ምስ ተጸንበርና ተወጃቢሩና። ኣውራጃና፡ ዓድና፡ ብሄርናን ቀቢላናን ረሲዕናዮ። ስም ኣቦናን ኣደናን ተረሲዑ ብወዲ ዛይድ ወዲ ኣቦበን ተጸዊዕና። ስምናዉን ተረሲዑ ብስም ህዝባዊ ግንባር ተሰሚና። ኩሎም ኣቦታት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ኣቦታትና፡ ኩለን ኣደታት ከኣ ከም ኣደታትና ኢና ንወስዶም ነይርና። ኩሎም ተማሃሮ ድማ ኣሕዋትና። ብሓጺሩ ፍሉይ ንእሽ ሕብረት ሰብ ኢና ፈጢርና። ብወግዒ እውን "ተካእቲ ኣረጊት ሕብረተ ሰብ ኢና"! ዝብል ጭርሖ ኣልዒልና። ነቲ ዝፈጠርና ሕብረተ ሰብ ኢጋይሽ ኴንና። ብቐለሉ ንኽንተሓናፈጽ ኣዝዩ ኣጸጊሙና።

"እዚ ቅጥዒ (form) ብዘሰባ ቀቢላን ዓሌትን ዝሓትት እንተኾይኑ ኣይመልኣን እዩ።" እዚ ኣብ 1993 ምምዝጋብ ንምዕዳል ኤርትራዊ መንነት ወረቐት ኣብ ዝተዓደለ ዝበረ፡ ሓደ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበረ፡ መምህር መሓመድሰዒድ ሓምድ ዝበሮ ኣቢያ እዩ። ኩልና ከም እንዝከሮ ኣብ 1993 ቅድሚ ረፈረንደም ምኽያዱ ኤርትራዊ ዜጋ ኤርትራዊ መለለዩ መንነት ወረቐት መታን ክሕዝ ሃገራዊ ምዝገባ ተኻይዱ ነይሩ። እቲ ሽዑ ዝምላእ ዝበረ ቅጥዒ ዝርዝራዊ ኮይኑ ኣውራጃ፡ ዓዲ፡ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ቀቢላ፡ ወዘተ ዝሓትት እዩ ነይሩ። መምህር መሓመድሰዒድ ሐመድ፡ እዚኦምን መሰልቶምን ኣዕሚቑ ካብ ዝቕብሮም ሓደ ዕቑድ ኣቕጺሩ ነበረ። እቶም ዝሓትትዎ ዝበሩ ሰንኩፍ ሃገራዊ ወኑ ዝፍትሹ ዘለዉ መሰልዎ፡ ነቲ ቅጥዒ ምምልኡ ሓንጊዱ። ብፍላይ ኑታ "ቀቢላኻ" እትብል ብጥርጣሬ ርእዩዋ። ግርህ ኢልካ እዚ መምህር ስሑው እዩ ከይትብሎ፡ ምስ ብልሕን ልዑል ደረጃ ፍልጠትን መምህር መሓመድሰዒድ ሓምድ ዝሶኑ ኢዩነ፡፡ መንፍዓቱን በርኽ ደረጃ ሃገራውነቱን ንሕና መማህርቱን መጋድልቱን ጥራይ ዘይኮንና ናይ ሓጺር እዋን መሳርሕቱን ፈለጥቱን እውን ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። ቀቢላኡ ኣይፈልጦን ነይሩ ከይትብሎ ድማ ቆልዓ ብዘረ ትግረ እዩ። ኣውዓት ቆልዑ ብዘረ ትግረ ፍጥር ክብሉ ማዕረ እኹል ሰብኣይ ኣብ መኣዲ ዘተ ከቢቦም እዮም ዝመዓዱን ዝምዕዱን። ቆልዓ ብዕድመ እምበር ብዝበቕዓት ኣተሓሳስባ ኣብ ሕብረተሰብ ትግረ ቦታ የብሉን።




እዚ ባህርይ'ዚ ብመምህር ሑመዳይ ድኣ ተጋሂዱ እምበር፡ ናይ ኩልና ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ባህርይ እዩ። ኣውራጃይ ኣውራጃኻ፡ ዓደይ ዓድኻ፡ ብሄረይ ብሄርኻ፡ ቀቢላይ ቀቢላኻ ኢልካ ምትሕኻኽ ከም ነውሪ ኢና ቆጺርናዮ። ዋላኳ ኣፅሩድ መንነትና ኣዳዕዲዕና እንፈልጦም እንተኾንና፡ ኣብ ዝዋዕለሉም እምበር ንምጅሃር ንኸይ ንጥቀመሎም ብልዑል ጥንቃቐ ተኸናኺሉና ኢና ዓቢና። እዙም መለለዩ መንነት ሓደ ኤርትራዊ ዜጋ ዝኾኑ ኣምራት፡ ንዘጠዘለ ኤርትራዊ



ዜጋ ተራ ነበራት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንኣና ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ግና ተኣፈፍቲ እዮም። ልክዕ እዩ፡ ብኣውራጃኻ/ዞባኻ፡ ዓድኻ፡ ብሄርካ፡ ሃይማኖትካ፡ ዓሌትካን ቀቢላኻን ወዘተ. ምኹራዕ ክብሪ ንመንነትካ እዩ። ካብ ዝዋዓሉ ንላዕሊ ተጋኒኑ ተጸቢቁን እንተ ተጋዊሑ ግና ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት እዩ ዘስዕብ። ርእቲ ስለዝኾነ ድማ ንሕብረተ ሰብና ቀላልቀል ዘተፍንን ረቂቕ መሳርያ እዩ። ንመምህር ሐመዳይ ድማ ኣብቲ እዋን እቲ ንኩላትና ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘጋጠመና ዝበረ ባህላዊ ነውጺ'ዩ ኢጋጢሙዎ። ንሕና ዝዓበናሉ ሕብረተሰብ (ሕብረተሰብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ)፡ ከጋሽን ማሕበርነታውን ሕብረተሰብ እዩ። ኣብ ገዝና ዝጸንሓና ልምድን ባህልን ድማ ዓቃቢ።

ልክዕ ንምኳን ንሕና ንግሕበረትና ቤት ትምህርቲ ሰውራ እምበር ንቤትና ኣይንመሳልን ኢና። እዚ ምስሊ ግና መማህራንና በስኻዳድ ዝወተፉልና ኢዩኻ፡፡ ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ካብ ማብቆላዊ መንነትናን እምነትናን ርሒቕና፡ ኣራዊት ከይንኸውን ዝክኣሎም ይጽዕሩ ነይሮም። ንኣብነት፡ ሓደ ረፋድ እቲ ፍቱው ናይ ፖለቲካ መምህርና፡ ስዉእ ሃብተማርያም ፍስሃ (ወዲ ፍስሃ) ኣብ ሻዱሻይ ክፍሊ (ክላስ ሰ/F) ፖለቲካዊ ትምህርቲ እናምሃረና እንከሎ፡ ሃንደበት ጸዓዱ ኣብ ክላስና ሀሩግ ኢሎም ይኣትዉ። ወዲ ፍስሃ ብልዑል ምትዕጽጻፍ፡ ነቲ ኣብ ቀጠልያ ሰሌዳ ቢታ ሰንክልቲ ኢዱ ዝጽሓፎ ናይ ኮምፕዩተር ዝመሰል ጸባቐ-

ጽሒፈት ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ደምሲሱ፡ ብዓበይቲ ፊደላት ቋንቋ እንግሊዝኛ ክፋላት ዕንባባ (PARTS OF A FLOWER) ዝብል ጽሓፈ። ወየም ህጹናት ተጋደልቲ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ማዕረ ዓበይቲ ተጋደልቲ ከም እንምሃሮ ብወይጦታት ተሓቢሩዎም ዝመጹ ብሕብሪ ቀርበዮም ጥራይ ጸዓዱ ወጸእተኛታት፡ ካራት ጋን ኮይኑዎም። ደሎ-ብደሎ (red handed) ረኺብናዮም እናበሉ፡ ወዲ ፍስሃ ቀብ ኣቢሉዎም። ጸዓዱ ብዙቦም ስዕረቶም ስለዘይኣምኑ፡ ንስዕረቶም መካላለሲ. ዝኸውን ሽዑ-ንሽዑ ንወዲ ፍስሃ ደባላ ሕቶ ኣውደቑሉ።

"እዞም ህጻናት እምንት ዘይብሎም እንስሳታት ኮይኖም ካብ ዝዕብዩ ብዕሽሎም ከለዉ. ምስ ፈጣሪኦም መታን ክላለዩ 'መስጊድ' ዘይትሰርሑሎም?" ዝብል ቡዳኒ ዝመሰል ሕቶ፡ ንመምህራንና ግና ቀሊል ሕቶ ኣቕሪቦሙሉ። እዚ ክቡርን ሕፉርን ኣጦን መምህርን እንታይ ኢሉ ከም ዝመለሰሎም ቅድሚ ምንጋረይ፡ ዝዙሕና ናይዛ ብጹኑዕ ክትትል ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ፡ ፍርያት ናይ ከምዚኦምን ልዕሊኦምን ሓሳቡቲ ምኻንና ፍሉያት ይገብረና ምኻኑ ከም ጃህራ ኣይትሕሰቡዎ። እቲ ዝሓተቱዎ ሕቶ ባዕሉ ሰሪም ሕቶ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ብኣዕራብ ዝድገፍ ናይ ምስልምና ምንቅስቓስ ምኻኑን ዘይምኻኑን ንምፍታሽ ዝተኣልመ እዩ። እቶም ደጋዊ ሽፉናም ተደናገጽቲ ዝመስሉ፡ ወሸጥን ወሻጠኦምን ግና ሰለልቲ ዝኾኑ ልኡኻት ምዕራብ፡ ተሰፉ ዘይቆርጹ ህልኸኛታት ኮይኖም እምበር መልሲ. ወዲ-ፍስሃ ንሓዋሩ ብዘለውዎ መዕረቦም ነይሩ። ብዘኾነ እንታይ ኢሉ ከም ዝመለሰሎም ክነግረኩም። ንሽኹም እውን ፍርድኹም ክትህቡ። ብድፍንታ "መስጊድን ቤት ክርስትያንን ምሰራሕናሎም ነይርና፡ ንእኡ ዝኸውን በጀት ግና የብልናን። እንተ ሓጊዝኩምና ድማ ከይወዓልና ከይሓደርና በብእምነቶም ቤተ-ጸሎት ክንሃንጸሎም ከም እንኽእል የረጋግጸልኩም" ክብል መሰየመም መልሲ. ሂቡዎም።

ዝዙሕና ፍርያት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዝ ከም ቅናት ምድሪ ተጠምጠምናያ ዘለና ሃገርና ኤርትራ፡ ብሸርሕን ጉርሕን ደጋዊ ሓይሊ ዝተጠፍጠፍና ኣሻንጉሊት (puppet) ኣይኮንናን። መትከላት ህዝባዊ ግንባር ዝፈጠረና ምስሉ ኢና። ኣኸለ! ድሕሪ ክንደይ ምጉዓል ድማ ኢና ንማብቆላዊት ቤትናን ስድራናን መሰልና። ነተን ዓበይቲ ተደመርን ወርሕን ዝመስለና ዝበራ ምልክታት ቤተ-ክርስትያንን መስጊድን ተለማሚድና። መወዳእታኡ ግን ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብካ ከተኽብር ግድን ስለዝኾነ ውሑዳት ኣብ ፍልስፍና ነገራውነት (Materialism) ዘምልኹ ገዲፍካ መብዛሕትና ሰዓብቲ ምስልምናን ክርስትናን ኴይንና። ነተን ኣጥብየን ዘዕበያና ኣደታትናን ማዕረኣን ሓጺበን ተኸናኺነን ሰብ ዝበራናን ኣለይትናን ክንሕስ ባህላዊ ነውጺ ሰዒርና፡ ልኡላውነት ሃገርና ኣውሒስና፡ ንሕብረተሰብና መሰልና።

ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቋንቋ ኣደና ምጥፋእ ካብቶም ዓበይቲ ብደሆታትና እዩም ነይሮም። ስዉእ መምህር ዓብደለጢፍ ዓብደላ ሙሳ (ጣጦ)ን መምህር ሰዒድ ሳልሕ (ሰሳ)ን ብሀጻናም ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኣተዉ. እዮም። ከም ቆልዓ ቀልጢፉ ቋንቋ ዝለምድን ዘጥፍእን የለን። ቆልዓ እንተኾንካ ማብቆላዊ ቋንቋኻ ረሲዕካ ናይቶም ዝበዝሑ መናብርትኻ ቋንቋ ኢኻ እትለምድ። እዞም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ቋንቋ ኣደኦም ዝኾነ ትግራይት ምሉእ ብምሉእ ኣጥፊኦሞ። ብሀጻናም ከለዉ. ቋንቋ ኣደኦም ብጦበእ እየም ዝመልኩ ነይሮም። መምህር ሰዒድ ሳልሕ ኣብ መጀመርታ ብትሑት ደረጃ ቋንቋ ትግርኛ ይፈትትን ነይሩ። ስዉእ መምህር ዓብደለጢፍ ዓብደላ ሙሳ ግና ብሀጹ ከሎ ብዘይካ ቋንቋ ትግራይት ካልእ ይፈልጥ ኣይነበረን። ቋንቋ ትግርኛ ንኽዛረብ ሕርብት እዩ ዝበሎ ነይሩ። እታ 'ጣጦ' እትብል ሳጓውን ብሰንኪ. ቋንቋ ትግርኛ ዘይ ምምላኹ ዝለገቦ እያ። ንዓየይ እትብሃል ኣሓይቶም "ጠያሞት ኣሎ ደዩ" ንኽብል "ዓየይ ጠያሞት ጣጦ"

ስለዝበለ መምህርቱ ኣልጊቦሙሉ። ክልቲኦም ቋንቋ ኣደኦም ብፍጹም ኣጥፊኦም፡ ተዛራብቲ ቋንቋ ትግርኛ ኮይኖም።

ኣብ 1990 እዞም ክልተ ዕብዩ ቤት ትምህርቲ ሰውራ መማህራን ብዝሮም ብዜረ ትግረ ስለዝኾኑ ተባሂሉ፡ ኣብ ዞባ ምብራቕ ዞላ ከም መማህራን ቋንቋ ትግራይት ተመዲቦም። መምህር ሰዒድ ሳልሕ ተወሳኺ. ጸገም ነይሩዎ። ኮርታዕ ስለዝነበረ ፊደል 'ረ' ብጦበእ ኣየድምጻን ነበረ። ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ምፍጣር ሽግር ኣብ ምፍታሕ ግድል ንበልሕ። እዞም መማህራን ነቲ ናይ ቋንቋ ጸገሞም፡ ንምህሮን ምሽትን ምስ ተማሃሮኦም ኩዕሶ እናተጻወቱ ኣብ ሓጺር ግዜ ቋንቋ ትግራይት መሊኾም ፈቲሖሞ። ሓንጎልና ንኣቕዲሞ መዘከሩዎ ዝበረ ቅርጺ. ወይ ሓብሬታ ንምዝኻርን ናብ ዝበሮ ንምምላስን ኣዝዩ ንጡፍ እዩ። ቋንቋ ትግራይት ከምዝይመልኩ ከይተለለዩ ድማ ቋንቋ ኣደኦም ዳግማይ ወሪኖሞ። መምህር ሰዒድ ከኣ ሓደ ሽግራል ተቐማጢ. ዞላ ብዝሃገሮ ናይ ምኹርታዕ መልሓሱ ጸገም ፈቲሕዎ።

መማሃሪ መታን ክኾውን እቲ ሜላ ከፃዚ ዝሰዕብ እዩ። ፍረ ጋባ ወይ ክንድኣ ዝኸውን ዓቕን ጸጸር ኣብ ትሕቲ መልሓስካ ቀርቂርካ ምዝራብ። ዝ. ሜላ ንልዕሲ. ክልተ ሰሙናት ተዘውትሮ'ሞ መልሓስካ ትለማመድ። ሰፍልጠታውን ሕክምናውን ሓቅነቱ ንእብ ሞያ ገዲፍና፡ እቲ ቀደም ኮርታዕ ዝበረ መምህር ሰዒድ ሳልሕ ሎም ጸገም ምድማጽ ናይ ፊደል 'ረ' የብሉን። እታ እኽ ዝተጠቕመላ ሜላ ድማ ጸጸር ኣብ ትሕቲ መልሓሱ ንኽልተ ሰሙናት ቀርቂርካ ምዝራብ እያ።

### ስዉእ መምህር ዓብደለጢፍ ዓብደላ ሙሳ

ስዉእ መምህር ዓብደለጢፍ ኣብ ዞላ እናምሃረ፡ ቋንቋ ኣደኡ ዳግም መሊኹሉ፡ ተመራማሪ ናይቲ ቋንቋ ኮይኑሉ፡ ካብ ምምህርና ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክፍሊ. ካሪኩለም ብኣድላይነት ተሳሒቡ። ኣብ ምንዋፍ ስርዓት ትምህርቲ ኤርትራ ቋንቋ ትግራይት ተመዲቡ ዓበይቲ ስርሓት ቀሪጹ። ድሕሪ'ዚ. ሓሊፉ ክፍሊ. ፖለቲካዊ ጉዳያት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ተመዚዙ። ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ናብ ዞባ ዓንሰባ ቤ.ጽ. ጸፍሒ. ሓላፍነት ተቐይሩ እናገልገለ ከሎ፡ ብሕማም ምኽንያት ብ19 ጥሪ 2019 ተሰዊኡ።

መምህር ረዘ ኣንከረ (ወዲ ኣንከረ) ፍርያት ናይዛ ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ ዛግር ተወሊዱ ዝዓበየ ስለዝኾነ ብዘይካ ቋንቋ ትግርኛ ካልእ ይፈልጥ ኣይነበረን። ኣብ መፋርቕ 1980ታት ብርክት ዝበሉ ቆልዑ ካብ ብዜረ ሳሆ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክምሃሩ መጺኦምና። ብዘይካ ቋንቋ ሳሆ ካልእ ኣይመልኩን እዮም። ወዲ ኣንከረ ፈለማ ምስ መጹ ብዕርክነት ልግበ ኢሉዎም። ኣብ ሓጺር እዋን ቋንቋ ሳሆ መሊኹ መራኽብበን ተርጓምን ቋንቋ ሳሆ ተቐይሩ። ምስኦም ቋንቋ ሳሆ ብሉቲን ተማሂሩ። መምህር ቋንቋ ሳሆ ኮይኑ ድማ ናብ ዞባ ምብራቕ ዞላ ተመዲቡ። ኣብኡ ቋንቋ ትግራይት መሊኹ መምህር ቋንቋታት ሳሆን ትግራይትን ኮይኑ ነዊሕ ዓመታት ኣገልጊሉ። ኣብ መወዳእታ ቋንቋ ኣደኡ ዝኾነ ቋንቋ ትግርኛ ክዛረ ጀሚሩ። ናብ ከበ. ዓዱ ዛግር ብምምዳብ ንቋንቋ ኣደኡ ዳግም ኣሐዲሱዎ። ሎሚ ቋንቋታት ትግርኛ፡ ሳሆ፡ ትግራይት፡ ዓረብ፡ እንግሊዝን ኣምሓርኛን ብልዑል ምልከት ዝዛረብን ዝጽሕፍን ኮይኑ ኣሎ።

# ካብ ዘባታት

## “መንሸሮ ክሳድ ማህጸን፡ ብኣጋኡ ምስ ዝልለ፡ ክፍወስ ዝኽእል ሕማም’ዩ” ዶ/ር ዳዊት እስቲፋኖስ

ቤተኤል ሰለሙን
ስእሊ፦ ዮውሃንስ መብራህቱ
(ኣገ/ዜና ዞባ ማእከል)

መንሸሮ፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ሓደገኛታት ሕማማት ሓደ’ዩ። ውድብ ጥዕና ዓለም ብዚ ሕማም ኣመልኪቱ ኣብ ናይ 2019 መጽናዕቱ ዘስፈሮ ጽሑፍ ምስ እንምልከት፡ ዓመታዊ ኣስታት 18 ሚልዮን ሓደሽቲ ሕሙማት ይምዝገቡ። ካብቲ ኣብ ዓለም ዘጋጥም ሞት እቲ 15.7 ሚእታዊት ብመንሸሮ ዝስዕብ’ዩ። ብዞዕባ’ዚ ሕማም ተበጺሖ ዘሎ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 100 ዓይነታት መንሸሮ ኣለዉ። ብፍሉይ ንደቀንስትዮ ዘጥቅዕ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ድማ ሓደ ካብኣቶም’ዩ። ኣብ ዓለም ኣስታት 570 ሽሕ ብዚ ሕማም ዝተጠቕዓ ደቀንስትዮ ምህላወን ይሕበር። እዚ ሕማም ኣብ ሃገርና ንምቁጽጻሩ ሚኒስትሪ ጥዕና ብመገዲ ክታበትን ወቕታዊ መርመራን ብኣተኩሮ ይሰርሓሉ ምህላዉ ይፍለጥ። ንሎሚ፡ ዛዕባ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ዝምልከት ንሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል መወለዲን ዕዳጋ ሓሙስ፡ ዶ/ር ዳዊት እስቲፋኖስ ተወኪስና ዝሃበና ሓበሬታ ይስዕብ፡

**• ድሕረ ባይታ ሕማም መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ብኸመይ ይግለጽ፧**

መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ከም ኩሎም ዓይነት ሕማማት መንሸሮ’ዩ። ምናልባት ካብ ካልኦት ዓይነት መንሸሮ ዝፈልዮ ምስ ጾታዊ ርክብን ረኽሲ ማህጸንን ዝምድና ዘለዎ ምዃኑ’ዩ። ሃገርና ሓዊስካ ኣብዞን ዘይማዕበላ ሃገራት ስራሕ ቅድመ ሕክምና ናይዚ ሕማም’ዚ ብዘይምህላዉ፡ ምስ መንሸሮ ናይ ጡብ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ይስራሕ። እቲ ዝሓሸ ጕድኒ ናይ’ዚ ሕማም ክትከላኸሎ ትኽእል ምዃኑ’ዩ። ክንከላኸሎ እንኽእል ሕማም ክሳብ ዝኾነ ግኑ ቅድመ ምክትታልን ኣብዚ ሕማም ተኲርካ ኣብርቲዕካ ምንቅስቓስን ኣገዳሲ ይገብሮ።

**• ፍሉይ ምልክታት ናይዚ ሕማም እንታይ’የም ዝመስሉ፧**

መንሸሮ ደረጃታት ኣለዎ። መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ኣብ ደረጃ መንሸሮ ምስ በጽሐ፡ ክትፍወሶ ከቢድን ብዚ ሕማም ዝተጠቕዐ ሰብ ናይ ምሕዋይ ተኽእሎኡ ጸቢብን’ዩ። ብፍላይ ኣብቲ መጀመርታን ኣብ ቅድመ መንሸሮ ቅድሚ ምብጽሑን ምልክት ክህሉ ኣብዘይክእለሉ ደረጃ እንከሎ፡ እታ ጓልንስተይቲ ኣብ ሕክምና ቀሪባ ክትምርመር ግን እቲ ዝሓሸ’ዩ። ብስሩዕ ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመት ስሩዕ መርመራ ምግባር ግኑ ረብሓ ኣለዎ። ሞያውያን ጥዕና ንምልክታት ናይቲ ሕማም ክረኽብዎ ሓጋዚ’ዩ። ብኣጋኡ ምልክታት እንተድኣ ተረኣዩ፡ ከም ተራ ሕማም ብቐሊሉ ተሓኪሙ ዝሓዊ ሕማም’ዩ። ኣብ ግሁድ ምልክታት እንተበጺሕካ ግኑ ምናልባት ኣብ ፈለማ ደረጃ እንተኾይኑ ኣየሰጋእን’ዩ። ምድንጓይ



ዘለዎ ምስ ዝኸውን ግኑ ቀልጢፉ ናብ መንሸሮ ስለዝምዕብል፡ ኣብ ዓድና ክንፍወሶ ኣጸጋሚ ይኸውን። ገለ ካብ ምልክታት ናይ’ዚ ሕማም፡ ካብ ወርሓዊ ጽግያት ወጻኢ ዘጋጥም ዘይንቡር መድመይቲ፡ መደዛኺት ወሰድካ ክፍወስ ከይክእል ዘይንቡር ፈሳሲ ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብዚ ደቀንስትዮ ብፍሉይ ከስተብህላሉን ሽሉል ክብልኣን ዘይብለን ኣብ ግዜ ጾታዊ ርክብ ተደጋጋሚ መድመይቲ ዘጋጥመን ምስ ዝኸውን ሓደ ካብ ቀንዲ ምልክት ናይዚ ሕማም ምዃኑ ምርዳእ የድልየን። ከምዚ ዓይነት ምልክታት ምስ ዘረአየን ተቐላጢፈን ናብ ሕክምና ክቐርባ ተመሪጹ ይኸውን።

**• ኣብ ሃገርና ብዞዕባ’ዚ ሕማም ዝካየድ ንጥፈታት እንታይ ይመስል፧**

ብስሩዕ ክስርሓሉ ዝጀመረ ካብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት’ዩ። ከምቲ ዝጠቐስክዎ ምስ ረኽስን ጾታዊ ርክብን ዝምድና ዘለዎ ብምዃኑ፡ ኣብዚ ደረጃ ንዘይበጽሓ ኣብ ደረጃ ዕድመ 9 ክሳብ 14 ንዝርከባ ደቀንስትዮ፡ ዝወሃብ ዝዚ ሕማም ናይ ምጉዳል ልዑል ግደ ዘለዎ ክታብት ኣሎ። እዚ ዓይነት ክታብት ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት’ዩ ክወሃብ ጀሚሩ። ብኣጋኡ ምስ ዝወሃብ ውጽኢታዊ’ዩ። ልዕሊ 21 ዓመት ዝዕድመአ ጾታዊ ርክብ ዝጀመረት ጓልንስተይቲ ግድን መርመራ ክትገብር ኣለዋ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ኣፍልጦ ናይ’ዚ ሕማም’ውን ስለዝደጋንሐ፡ ብፍሉይ ብዞዕባ’ዚ ሕማም ናብ ሕክምና ቀሪበን ዝምርመራ ነይረን ክበሃል ኣይክኣልን። ኣብዚ እዋን እዚ ግን እቲ ኣፍልጦ እናዓበየ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ኣብ ዱሓን ደረጃ ይርከብ። ብዚ መሰረት ዓመታዊ



ኣስታት ሓደ ሽሕ ደቀንስትዮ ይምርመራ፤ ብዚ ኢጋጣሚ ኩሉ ሰብ ክጥቀመሉን ክሰቕሓሉን ኣገዳሲ እዩ።

**• ኩነታት ሞያዊ ዓቕሚ ሰብን ናውቲ ሕክምናን’ከ ኣብ ከመይ ደረጃ ኣሎና ክንብል ንኽእል፧**

እቲ ሕክምና ኣብ ዝተወሰነ ቦታ ክኸውን እኳ ግቡእ እንተዘይኮነ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብዚ ኣነ ዝዋፈሉ ዘለኹ ሆስፒታል መወለዲን ዕዳጋ ሓሙስን ኮማዊ ሆስፒታላት ቤት መኻእን ጐዳይፍን መርመራ ናይዚ ሕማም ብስሩዕ ይካየድ እዩ። እኹላት ሞያውያንን ዕጥቅን’ውን ውዱድ’ዩ። እቲ ሰብ ግን ሕጂ ይፈልጦ ስለ ዘሎ፡ እቲ ቍጽሪ ከምቲ ዝደለ ኣይርከባን።

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ብምርድኣእ፡ ዝካየድ ንጥፈታት ኣሎ። ንዕኡ ከካይድ ይሕግዘና። እቲ ተርእዮታት 5 ካብ 100 ዘይንቡር ምልክት ዘጸንሐን ምስ ኩነታተን ማለት ዕድመ፡ ብዝሒ ወላድ ኣዛሚድና ሕክምና ንገብረለን። ብዘይካ’ዚ፡ ኑተን ቀዳማይ ደረጃ ናይዚ ሕማም ዝረኸብናለን’ውን ንፍውሰን ኢና። ኣብዚ እተን ዝጸግማና ኣብተን ደንጕየን ናብ ሕክምና ዝመጽኣ’የን።

**• ሕማም መንሸሮ ክሳድ ማህጸን፡ ንናይ ፍርያምነት ክፋል ጓልንስተይቲ ዘጥቅዕ ብምዃኑ፡ ድሕሪ ግቡእ ፍወሳ፡ ጽልዋኡ ኣብ ወሊድ ብኸመይ ይግለጽ፧**



ይኹን’ምበር፡ እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት እንተድኣ ሰፊሑ፡ ናይ ዕጥቂ ይኹን ሞያውያን ጸገም ዘለዎ ኣይርከብን። ስለዚ ዝኾኑት ጓለንስተይቲ ንኻልእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክትረክብ ናብ ሕክምና ኣብ እትዛወረሉ እዋን’ውን እንተኾነት፡ ንመርመራ ናይ’ዚ ሕማም ዝጠፍእ ግዜ የለን። ዝዚ ዘገልግል ብቑዕ ላባራቶሪ’ውን ስለ ዘሎ፡ መርመራ ክትገብር ትኽእል’ያ። ከምኡ ምግባር፡ እቲ ብቐሊሉ ክፍወስ ዝኽእል ብኣጋኡ ይግታእ፤ ውጽኢት መርመራ መጥባሕቲ ዝጠልብ ምስ ዝኸውን’ውን መጥባሕቲ ክግበር የኽእል። እቲ ውጽኢት ልዕሊኡ ዝኸይድ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ምስ

እቲ ጸቡቕ ነገር ናይዚ ሕማም፡ ከምቲ ዝተጠቕሰ መሰርሒ ኣለዎ። ረኽሲ ኢሉ ይጅምር ቀስ እናበለ ይምዕብል። ዕድል ይሁብ እዩ ቀልጢፍ ምርመራ ምስ ዝግበረሉ፡ ንኣብነት ሎሚ ዓመት እንተድኣ ተመርሚራ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት መርመራ ምስ እትገብር፡ እቲ ሕማም ቀስ ኢሉ ስለ ዝምዕብል፡ ከይበኣሰ ኩተርክበሉ ትኽእል’ያ። 90 ሚእታዊት ናይ’ዚ ሕማም ኣብ 35 ዓመትን ልዕሊኡን ዝርከባ ደቀንስትዮ የጋጥም። ዝበዙሓ ኣብዚ ደረጃ ዕድመ’ዚ ዝርከባ ደቀንስትዮ ከኣ ወሊደን ዝጸንሓ’የን። ዝኾነ ኮይኑ፡ ብኣግኡ እንተተለልዩ እቲ ዝግበር ሕክምናዊ ፍወሳ፡ ምስ ወሊድ ዘሰክፍ ዝምጽኦ ጸገም የብሉን።

**• ምስዚ ሕማም ተዛሚዱ ብፍሉይ ዘጋጥም ተርእዮ ኣሎ’ዶ፧**

ደጋጊመ ከምዝገለጽክዎ፡ እዚ ሕማም ምስ ጾታዊ ርክብ ዝምድና ኣለዎ። እተን ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝነብራን መድሃኒተን ኣብ ሓዝሓዝ ዝከታተላን ደቀንስትዮ፡ እተን ቀንዲ ተጠቃዕቲ’የን። ንሰን ከኣ ብስሩዕ ከምዝምርመራ ይግበር ኣሎ። እዚ ሕክምና ብሕጂ’ዩ ዝጀማምር ዘሎ። ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ ናይዛ ዓመት (2026) ጥራይ ከም ኣብነት እንተድኣ ርኢና፡ ኣስታት ሓደ ሽሕ ደቀንስትዮ ንመርመራ ቀሪበን። እተን ዝተረኽበን ከም ዝፍወሳ ተገይሩ።

**• እዚ ሕማም ንምክልኻሉ ክግበር ዘለዎ እንታይ’ዩ፧**


ኣብዚኣ እታ ቀንዲ ክትግበር ዘለዋ፡ ኣፍልጦ ምዕባይ’ያ። ኣብ ዕድመ 9 ክሳብ 14 ዝርከባ ደቅና ክታብት ከምዝወስዳ ክንገብር ኣለና። ካልእ እዚ ሕማም ብጾታዊ ርክብ ክመሓላለፍ ዝኽእል ስለዝኾነ፡ ኩሉ እቲ ናብዚ ኪቃልዕ ዝኽእል፡ ምክልኻል፡ ምሕራም፡ ሓደ ምስ ሓንቲ ምጽናዕ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን እቲ ሕማም ናይ ግድን ኪጋጥም ተኽእሎ ስለዘሎ፡ ስሩዕ ምክትታል ምኪያድ የድሊ። ኣብ ክልተ ሰለስተ ዓመት መርመራ ምግባር ከኣ ክረዓም ዘለዎ’ዩ። እቲ ዝወሃብ ሕክምና ብነጻ’ዩ። ዝዚ ክንገብር ምስ መሻርኽቲ ጥዕና ዝኾኑ ኣካላት

ዜና፡ ምምሕዳራት ወዘተ ጉስጓሳት ዝካየድ’ኳ እንተኾነ፡ ንምስፍሑን ምሕያሉን ግን ይስረሓሉ ኣሎ። ኣገልግሎት ሕክምና ናይዚ ሕማም እናዓበየ ክኸይድ ስለዘለዎ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናብ ዞባታት ንምስፍሑ ይሓስበሉ ኣሎ።

**• ተጠቃዕቲ በዚ ሕማም ብቐንዱ ደቀንስትዮ’የን። ካብዚ ብምብጋስ በዚ ኣጋጣሚ ክሓልፍ ኣለዎ እትብሎ ሞያዊ ምኽሪ እንታይ ኣሎ፧**

ንደቀንስትዮ ክመኽረን ዝደሊ፡ መንሸሮ ዝበሃል ሕማም፡ ኣዝዩ ብዙሓት ዝርኣ እናኾነ ዝኸይድ ዘሎ ከም ምዃኑ መጠን፡ መርመራ መንሸሮ ማህጸን እኹል ስለ ዘይኮነ ጡብን ብቑጻሊ ክፍትሻ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መርመራ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ከኣ ኣብ ዓመት ኣብ ክልተ ዓመት ናብ ሕክምና ቀሪበን ኩነታተን ክፈልጣ ክመኽረን እደሊ። ካልእ፡ ሕብረተሰብና ብዞዕባ መንሸሮ ክለዓል ካራ ዘይፈቱ፡ ኩላዊ ዘይክእል ፈውሲ ዘይብሉ ሕማም፡ ዝብል፡ ኣጉል ብሂል ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን ንሱ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ ከይተበጽሐ ብመርመራ ምስ ዝረጋገጽ፡ ከም ዝኾነ ሕማም ተሓኪሙ ክፍወስ ዝኽእል ምዃኑ ምርዳእ የድሊ።

# መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ቤ/ት/ሰውራ















ስእሊ- ኣርካይቭ ጨ/ ስእሊ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ሃገራዊ ውድድር ኲዕሶ ሰኪዐት 2026 ተዛዚሙ

“ስፖርታዊ ጭውነት ንዛባዊ ምሕዝነት!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 14 ክሳዕ 15 መስከረም ኣብ ከተማ ከረን ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ኲዕሶ ሰኪዐት 3x3 ትሕቲ 17 ዓመት፡ ብስሉጥነቱ ምርኢት ተሰንዩ ሰሉስ ኣብ ሜዳ ግራንድ ሆቴል ከረን ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ልዑል ምትህልላኽ ዝተርኣየ ውድድር፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ዞባ ማእከልን ደቡብን ናብ ፍጻመ በጺሐን። እታ ከይተሳዕረት ናብ ናይ ፍጻመ መድረኽ ዝበጽሐት ጋንታ ዞባ ማእከል ድማ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ብቐዓታ ኣመሓይሻ ዝቐረበት ጋንታ ዞባ ደቡብ ናይ 8ብ4 ዓወት ኣመዝጊባ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ፡ ዞባ ማእከልን ዓንሰባን እየን ተራኺበን። ስዕረት ከይረኣየት ናብ ፍጻመ ዝበጽሐት ዞባ ማእከል ከኣ፡ 14ብ12 ብምዕዋት ሻምፕዮን ኲይና። ጋንታ ዞባ ጋሽ ባርካ ብኽልተኡ ጾታ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ዛዚማ።

ኣብ'ዚ ውድድር፡ ማዕበል ደብሳይ ካብ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሰለሆም ነጋሲ ካብ ዞባ ደቡብ ብናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዝርኣይዎ ብቕዓት ብሉጻት ተባዚሎም ተሸሊሞም። ከምኡ'ውን ክርስቲና ዳኒኤል ካብ ዞባ ማእከል ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሆሪብ ጺጋይ ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ናይ 3 ነጥቢ ዝበለጹ ኣመዝጊቦም፡ ሽቶ ብምውቓዕ ተዓዊቶም።




ኣብ'ዚ ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ ንሓምሻይ ግዜኡ ዘዳለዎ ሃገራዊ ውድድር 3x3 ትሕቲ 17 ዓመት፡ ንዕወታት ጋንታታትን ተጻወትትን ምስ ዋንጫን መዳልያን፡ ገንዘባዊ ሽልማትን ምሉእ ናውቲ ትምህርትን ተዋሂቡ። ብተወሳኺ ዞባታት ንምምዕባል ኲዕሶ ሰኪዐት ክሕግዛ ዝኽእል ዝተፈላለየ ናውቲ ስፖርት፡ ካብ ሃገራዊ ፌደረሽን ኲዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ ተበርኪቱለን።

ኣብ'ዚ ሃገራዊ ውድድር ኲዕሶ ሰኪዐት 2026፡ ብዘይካ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኩለን ዞባታት ብኽልተኡ ጾታ ከም ዝተሳተፋ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ኣብ ዝለኣኸልና ሓበሬታ ገሊጹ።

## ማን . ዩናይትድ ዝረኣየ ዓይኑ ይብራህ

ዩናይትድ፡ ኦልድ ትራፎርድ ዘይከም ሜዳኣ ካብ ዝጋደሻ ሓጺር እዋን ኣይገበረትን። ሕጂም ከኣ ጠቕሊላ ካብኡ ጠፊኣ ትርከብ። ሰንበት ቡታ ብ10 ተጻወትቲ ን74 ደቒቕ ዝተጻወተታ ሰቲ 1ብ0 ድሕሪ ምስዓራ፡ ብብራይተን ድማ ረቡዕ ምሸት ጉድ ተሰሪሓ። ደገፍቲ ማን.ዩናይትድ ከኣ ድሕሪ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ሕማቕ ታሪኽ ብዓይናም ክድገም ተዓዚቦም። ዩናይትድ፡ ኣብ ሜዳኣ መስከረም 1976 ካብቲ 2ብ0 መራሕነት ዝሓዘትሉ ግጥም ተሳዒራ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ክሳዕ ብቐደማ ትማሊ ረቡዕ ከምዚ ስዕረት ኣኣንጊዳ ኣይትፈልጥን'ያ።

ማን.ዩናይትድ፡ ኣብ ቀዳሞት ሽዱሽተ ናይ ለማ ዓመት ግጥማት ኣብ ክልተ ጥራሕ'ያ ተዓዊታ - ኣብ ሰለስተ ግን ተሳዒራ። ካብ ካራባኦ ካፕ ከኣ ብብራይተን ተሰናቢታ። በዚ ማሰረት እቶም ከጎታታ ግር ዝበሉም ደገፍታ፡ “እታ



እንግሊጣ ማን.ዩናይትድ ዝረኣየ ዓይኑ ይብራሃ” ኣብ ምባል ደርኪቦ።

ካሪክ ካብ 17 ግጥማት ኣብ 12 ጸወታ ብምዕዋት ንጋንታኡ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምምላሱ፡ ልቢ ደገፍቱ ኣረሲሩሱ ጸኒሑ'ዩ። ድሕሪ ናይ ትሸዓተ ወርሒ ጻንሖት ግን፡ እቲ ናይ ሕጽኖት ግዜኡ ሃደሽደሽ ይብል ኣሎ። ልሕሉሕ ማሰመር ምክልኻሉ ምስ ድኹም ናይ ጸወታ መራሕነቱ ተደሚሩ፡ ኣብ ጸቕጢ ኣእትዩዎ ይርከብ። ሰንበት ምስ ፉልሃም ኣብ ዘለዎ ጸወታ ዓወት እንተዘይኣመዝጊቡ፡ ኣብ ግዝኡ ዝኣተዎ ውዕል ብዘየገድስ ጥቕምቲ ክብረር ከም ዝኽእል ከኣ ይግለጽ። ዩናይትድ፡ ማሰመር ምክልኻላን ኣብ ሜዳ ዘለዋ ወህደትን እንተዘይመሊሱ፡ ደገፍታ እታ ስኢናማ ዘለዉ ዩናይትድ ክረኽብዋ ኣይከኣሉን። ዋላኳ ካሪክ ጸቕጢ ኣይሰማዓንን ዘሎ እንተበለ፡ ናይ ቀደመ ከዋኽብቲ ናይታ ክለብ ግን መፍትሒ ንኽመጽእ ብምጽዋዕ ዚ ጉዳይ የቓርርዎ ኣለዉ።

## ሲሞነን ሞሪኖን ድሕሪ 12 ዓመታት ይፋጠጡ

ዝመጽእ ሰንበት፡ ‘ደርቢ ማድሪድ’ ንምዕዛብ ኩለን ኣዒንቲ ናብ ዋንዳ ሜትሮፖሊታኖ ከቕምታ'የን። ሲሞነን ሞሪኖን ከኣ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ማስመር ሜዳ ኲይናም ዘንጸባርቕዎ ትርኢት ክድገም'ዩ።

ክልቲኦም ኣሰልጠንቲ ንዓመታት ኣብ ላሊጋ ሊግኳ እንተጸንሑ፡ ድሕሪ 2014 ግን ከይተራኸቡ'ዮም ጸኒሖም። ሲሞኔ ነቲ ደጊሙ ንቸልሲ ዝሓዘ ሞሪኖ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ሰዓሮ ኣይተራኸቡን።

ሞሪኖን ሲሞነን ሽዱሽተ ግዜ ግጥም ኣካይደም'ዮም። ኣብ ሰለስተ ሞሪኖ ክዕወት እንከሎ፡ ክልተ ግዜ ከኣ ሲሞነ ሰዒሩ። እታ ናይ 2013 ናይ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ግን ፈጺማ ክትርሳዕ ኣይትኽእልን'ያ። እታ ግጥሚ ናይ 14 ዓመት ጽምኢ ናይ ደርቢ ዓወት ኣትሌቲኮ ማድሪድ ክተምጽእ እንከላ፡ ንዓኻት ሞሪኖ ኣብ ርያል ማድሪድ ድማ ዘኽተመት ነይራ።



እዞም ክልተ ኣሰልጠንቲ ድሕሪ 13 ዓመት ግጥም ናይ ፍጻመ ጸወታን ድሕሪ 12 ዓመት ናይ መወዳእታ ርክቦምን ሰንበት ክፋጠጡ'ዮም። ሞሪኖ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ 2013 ስዒሩ ጠንቂ ምብራሩ ዝኾነ ሲሞነ ዶ ሕነኡ ይፈዲ ዋላሱ፡ ሲሞነ ኣብቲ ዝለመዶ ሜዳ ይዕብልል ከኣ ሰንበት ዝምለስ ክኸውን'ዩ።

## ባርሴሎና ‘ምስ ቁምታይ እየ ዘለኹ’ ትብል

ቦርድ ባርሴሎና፡ ኑቲ ካብ ዓርሞሸሻዊ ዲጂታላዊ ባንካ ሮቦልት ዝቐረበሉ ሕቶ ብሓጺር ቃል ‘ኣይፋል’ ኢሉ መሊሱ - ምኽንያቱ ምስዚ ትካል ልዋስ ፈጎ ስለዘሎ።

ባርሴሎና፡ ምስ ባንካ ካጥ ዘለዋ ዝምድና ይዛዘም ብምህላዉ ሓደሽ ፋይናንሳዊ መሻርኽቲ ኣብ ምእላሽያ ትርከብ። ካብ ብርክት ዝበላ ትካላት ጠለብ'ውን መጺኡዋ'ዩ። ሓደ ካብኡ'ዮም ጠለብ ዘቕረበላ ከኣ፡ ብሪጣንያዊ ካምፓኒ ሮቦልት እዩ። ምስ ሮቦልት ምሸራኻ ንባርሳ ብዙሕ መኽሰብ ከም ዘምጽኣላ'ዩ ዝገለጹ። እዚ ትካል ለማ ዓመት ፋይናንስያዊ መሻርኽቲ ማንሲቲ ብምኻኑ ኣብ ድሕሪ ማልያ ናይ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ስሙ ወቒሩ'ሎ። ቀንዲ መዋሊ ክለብ ኮሞ ብምኻን'ውን ኣብ ናይ ቅድሚት ማልያኣ ተጻሒፉ'ሎ። ኲዕሶን ገንዘብን ዝተፈላለየ'ዩ ዝበለት ባርሳ፡ ምስዚ ትካል ካብ ምሻራኽ ሓንጊዳቶ። እቲ ምኽንያት፡ እቲ ኣብ ክራማት 2000 ካብ ባርሴሎና ናብ ርያል ማድሪድ ኣሰንቡዲ ምስግጋር ዝገበረ ፊጎ'ዩ። ፊጎ ናይ ኣድቨርታይዝ ምስልን ዓለማዊ ኣምባሳደርን ናይዚ ትካል'ዩ። “ምስ ቁምታይ እየ ዘለኹ” ዝበለት ባርሴሎና ድማ ክሳዕ ፊጎ ዘሎ ምስዚ ትካል ኣይሻረኽን'የ ትብል።

### መደብ ጸወታ

ለማ

**ፕሪመር ሊግ**

ብረንትፎርድ - ቸልሲ 10:00 ድ.ቐ

## ደቀምሓረ - ብምኽንያት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ውድድራት ኲዕሶ እግሪ ይካየድ

ብምኽንያት 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ መንጎ ሽዱሽተ ናይ ደቂ-ተባዕትዮን ሰለስተ ናይ ደቂ-ኣንስትዮን ጋንታታት ግጥማት ኲዕሶ እግሪ ይካየድ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ብ13 መስከረም ዝፈለመ ጸወታ፡ ጋንታ ወግራት ምስ ጋንታ ዜሮ ፈላሚ ግጥም ኣካይደን። ወግራት ድማ 1ብ0 ተዓዊታ። ቀጺሉ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ከኣ፡ ጸብራ ኣብ ልዕሊ ዓራርብ ናይ 3ብ0 ዓወት ኣመዝጊባ። ጀልሃንቲ ምስ እምባ ኣዳል ኣብ ዝተኻየደቶ ጸወታ፡ 2ብ1 ክትዕወት ክኢላ።

## ኣባሓኒ፡ ኣብ ኲዕሶ መርበብ ብዘይተሰዓርነት ትግስግስ

ኣብ መንጎ ሸውዓተ ክለባት ሓይል ተወዳዳርቲ ዝረኣየሉ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ረቡዕ ቀጺሉ ወዒሉ።

ኣብ ኲዕሶ መርበብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ዘይትልከፍ ጋንታ ኲይና ዘላ ኣባሓኒ፡ ብሚሮን ሓለፍም እናተቐለሰት ንዓራግ 3ብ1 ብምርታዕ ናይ ዘይተሰዓርነት ክብራ ዓቂባ። ሚዛናዊ ብቕዓት ዝተንጸባረቐሉ ግጥማት ሓለብትን ዒታሮን ከኣ፡ ብናይ ሓለብት ዓወት 3ብ2 ተዛዚሙ። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሳብር ንዋልታ 2ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ሓለብት ድማ ንሂምባል 2ብ1 ኣፋንያታ።

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዛጊት ተኻይዱ ካብ ዘሎ ግጥማት ዝበዝሐ ሽቶታት ዝተመዝገበሉ ግጥም ተራእዩ። ኣብ'ዚ ንሂምባል ምስ ኣቡሓሺ ዘራኸበ ግጥም፡ እታ ቅድምን ድሕርን ዕረፍቲ ሰለስተ ካብ ቅሩብ ስመራ፡ ክልተ ካብ ዳናይት መልኣከ ሽቶታት ዝረኸበት ሂምባል 5ብ0 ተዓዊታ። ዒታሮ ምስ ዓራግ ኣብ ዝተኻየደኦ ጸወታ፡ እታ ካብ ፈሩዝ ተስፋይን ኤልሳ መልኣከን ክልተ ሽቶ ዝረኸበት ዒታሮ፡ ነታ ካብ ሚለን ተስፋሚካኤል ሓንቲ ሽቶ ዝረኸበት ዓራግ 2ብ1 ስዒራታ።

እዚ ከምዝሉ ኩሉ ውድድራት ቻሽውን ብናይ ሓምሻይን ሻድሻይን ዙር ቀጺሉ ነይሩ። ኣብ



ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዒታሮ ንኣቡሓሺ፡ ሂምባል ንሓለብት 3ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ሳብርን ዋልታን ብማዕረ ወጽኢት ተፈላልየን። ኣብ ሻድሻይ ዙርያ ድማ፡ ዒታሮን ዓራግን ኣብ ልዕሊ ሓለብትን ኣቡሓሺን 3ብ0፡ ሂምባል ድማ ንሳብር 2ብ1 ስዒረንአን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፣ ኣቡሓሺ ንዒታሮ፡ ሂምባል ንሓለብት ናይ 2ብ1 ዓወት ከመዝግባ እንከለዋ፡ ሳብር ንዋልታ 3ብ0 ስዒራታ። ኣብ ሻድሻይ ዙርያ ሳብር ንሂምባል ዒታሮ ንሓለብት ዓራግ ንኣቡሓሺ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ1 ስዒረንአን።

## መልእኽቲ ምባፐ ብዛዕባ ባሎን ደ ኦር

ም ባፐ፡ ደጊሙ ብዛዕባ ‘ባሎን ደ ኦር’ ብምዝራቡ ኣርእስቲ ማዕከናት ዜና ኲይኑ ይርከብ።

ክልያን ምባፐ፡ ኣብቲ ትማሊ ምስ ኣብ ስጳኛ እትሕተም ጋዜጣ ‘AS’ ዝገበሮ ቃለ ምሕትት፡ “ከም ዝመስለኒ ለማ ዓመት ክዕወተሉ ዘለኒ ትኽክለኛ ግዜ'ዩ” ብምባል ናይ ለማ ዓመት ባሎን ደ ኦር ንእኡ ከም ትግባእ ኣተንቢሁ። ኣእጋሩ ዝበለጸ ምኽር ናይዚ ዝበሎ ዘሎ ምኽንያት ዝሓበረ ምባፐ፡ “ዝበልኩ ይበል፣ ንዓይ ባሎን ደ ኦር ናብ ርያል ማድሪድ ምምላስ ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘለዎ'ዩ። ግድን ናብ በርናቡ ናብ ደገፍቲ ማድሪድ ክትምለስ ኣለዋ። ደገፍትና ልቦም ሓገስ ክመልእ ኣለዎ። ልዕሊ ዝኾነ ወገን ንእኦምያ ትግባእ” ብምባል ገሊጹ።

ምባፐ፡ ኣብ'ዚ ልዑል ሽልማት ናይ ኲዕሶ እግሪ ሓደ ካብ መወዳድርቱ ኲይኑ ዝርከብ ላሚን ያማል ኣመልኪቱ ድማ፡ “ተውህቦ ዘለዎ ተጻዋታይ'ዩ። ብሉጽ ግዜ ዘሕልፍ ዘሎ ኲይኑ ይስምዓኒ። ኩሉ ጸቡቕ ድማ እምነየሉ” ክብል ገሊጹ። ተጻወትቲ ባርሳ ከኣ ንርእይቶ ምባፐ ግብረ መልሲ ይህቡሉ'ለዉ። ሓደ ካብኣቶም ራፊንሃ'ዩ። ራፊንሃ ያማል ድሕሪ'ቲ 7ብ2 ዝሰዓሩሉ ግጥም ኣብ ‘ኢንስታግራም’ ኣብ ዝለጠፎ ስእሊ፡ “ንስኻ ፍሉይ ኢኻ፡ ናይ ባሎን ደ ኦር ምርጫይ ንስኻ ኢኻ” ብምባል ጽሒፉ'ሉ።

ምባፐ፡ ቅድሚ ሒደት መዓልታት ብዛዕባ እቲ ዝሓለፈ ዓመት ንባሎን ደ ኦር ዝተዓወተሉ ደምበለ ደምበለ ኣመልኪቱ ብዘለዎ መግለጺ፡ ኣርእስቲ ሓዚ ምንባሩ'ውን ዝዝከር'ዩ።

ኣብ'ዚ 26 ጥቅምቲ ክወሃብ መደብ ተታሒዙሉ ዘሎ ባሎን ደ ኦር 2026፡ ምባፐ ዝርከብዎም 30 ተጻወትቲ ሕጹያት ኲይኖም ኣለዉ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ባይቶ ኣመሪካ፡ ንሩስያ ዒላማ ዝገብር እማመ እገዳ የጽድቕ



ባይቶ ኣመሪካ፡ ንፈደረሽን ሩስያ ዒላማ ዝገበረ እማመ እገዳ ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

እቲ እገዳ፡ ፈደረሽን ሩስያ ምስ ዩክሬን ኣብ ቀጻሊ ኩናት ትርከብ ብምህላዋ ዝሰዓበ ምዃኑ ዘረድአ እቲ ባይቶ፡ እቲ እማመ ካብ ዝንደፍ ዓመት ከም ዘቑጸረ ገሊጹ።

እቲ ሓዲሽ እማመ እገዳ ተግባራዊ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ካብ ከም ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ህንድን ዝኣመሰላ ካብ ሩስያ ነዳዲ ብብዝሒ ዝሸምታ ሃገራት ናብ ዕዳጋታታ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት፡ ናይ 100 ሚእታዊት ቀረጽ ክትሰልዕ ከኽእላ እዩ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ናይተን ሃገራት ዝውሰን ልዑል መጠን ቀረጽ ከኣ፡ ንኣታዊታት ሩስያ ብመጠኑ ከጉድሎ ከም ዝኽእል እዩም ምንጭታት ዘረድኡ።

ብዘይካ እዚ፡ እቲ ብባይቶ ኣመሪካ ደገፍ ረኺቡ ዘሎ እማመ እገዳ፡ ንሰበ ስልጣናት፡ ባንክታትን ነዳዲ ዘንቀሳቕሳ ብርክት ዝበላ መራኽብን ሩስያ ዒላማ ዝጉብር ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ እቲ እማመ ኣብ ባይቶ ኣመሪካ ንኸጸድቕ፡ ንኣባላት ባይቶ ኣመሪካ ክምሕጸን ምጽንሑ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ድማ፡ ኑቲ ብባይቶ ሃገሩ ተቐባልነት ረኺቡ ዘሎ እማመ እገዳ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክታሙ ከምብረሉ ትጽቢት ኣሎ።

## ትራምፕ፡ ንሕብረት ኤውሮጳ የጠንቅቕ



ፕረዚደንት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮን ደር ሌየን፡ ካናዳ ቀዳመይቲ ተሓጋጋዚት ኣባል ናይ'ቲ ሕብረት ክትከውን ዝሓለፈ ረቡዕ ድሕሪ ምፍቃዱ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ምስቲ ሕብረት ዘለዋ ንግዳዊ ዝምድና ክትብትኮ ምዃና ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ካናዳ ቀዳመይቲ ተሓጋጋዚት ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ምስ እትኸውን፡ ኣብ ልዕሊ ካብቲ ሕብረት ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ልዑል መጠን ቀረጽ ከጽድቕ ወይ ከኣ ምስቲ ሕብረት ዝቶደድ ንግዳዊ ልውውጥ ብኸፊል ደው ከብሎ ከም ዝኽእል ኣገዚቡ።

ሓዲሽ ምሕዝኦት ካናዳን ሕብረት ኤውሮጳን ሰናይ ዕላማ ሒዙ ዝተበገሰ እንተ ኾይኑ ከም ዘይጸረሮ ዝገለጸ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንሕማቕ ዓጢቑ እንተ ተበጊሱ ግና፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ናይቲ ሕብረት ልዑል መጠን ቀረጽ ከጽድቕ ድሕር ከም ዘይብል'ውን ወሲኹ ኣጺሩ።

ቮን ደር ሌየን፡ ኣብ ስትራስበርግ - ፈረንሳ ኣብ ዝነበሮ ዓመታዊ መደረ፡ ንዝምድና ሕብረት ኤውሮጳን ካናዳን ናብ ዝለዓለ መድረኹ ንምድያብ ድሉት ከም ዘለዋ ምግላጻ ይሕብር።

## ሕ/ኤውሮጳ፡ ትሕቲ 15 ዓመት ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ዝእግድ ሕጊ የውጽእ

ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ኩለን ኣባላቱ ዝኾና ሃገራት ዝርከቡ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኸይጥቀሙ ዝኸልክል ሕጊ ከተኣታቱ መደብ ከም ዘለዎ ኣፍሊጡ።

እቲ ሕጊ፡ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ናይተን ሃገራት ንምሕላው ዝዓለመ ምዃኑ ድማ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ኮምሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮን ደር ሌየን፡ እቲ ሕጊ፡ ወለዲ ንደቆም ክቆጻጸሩ ዝሕግዝ ምዃኑ ኣረዲኣ።

እቲ እገዳ ንዓበይቲ መድረኻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ቲክቶክ፡ ኢንስታግራም፡ ስናፕቻት፡ ዩቱብን ካልኦትን፡ ከምኡ'ውን ን 'ቻትቦት' ዝጸሉ እዩ።



ከም ኣካል ናይቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ፡ ትሕቲ 13 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፡ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ክኽልከሉ እዮም።

ካብ 13 ክሳብ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ኮተቴታት ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ወለዶም ኣብ መዓልቲ ንሓደ ሰዓት ጥራሕ ክጥቀሙ ክፍቀደሎም እዩ።

ኣባላት ናይቲ ሕብረት ዝኾና ፈረንሳን ስጳኛን፡ ኣቐዲመን ተመሳሳሊ ሕጊ ምውጽኦን ይፍለጥ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢታት 'ሜታ'፡ ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ኣውሪድዎ ብዘብዘሓ ጸገማት ጥዕና ኣእምሮ፡ ኣስታት 18 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ክኸፍል ምስምማዑ ኣይርሳዕን።

## ሱዳን - ዕደና ወርቂ ዝካየደሉ ቦታ ብምህማሙ 70 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ዞባ ምዕራብ ኮርዶፋን - ሱዳን፡ ዕደና ወርቂ ኣብ ዝካየደሉ ቦታ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ጥዕና፡ እቲ ህይወት ናይ ምድሓን መስርሕ ቀጻሊ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቶም ዓደንቲ መስረታዊ ናይ ድሕነት



ብውሕዱ 70 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ከባቢ 50 ሰባት ከኣ መቑሰልቲ ከም ዘጋጠሞም ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ሓደጋ ምህማም መሬት ካልኦት ብርክት ዝበሉ ዓደንቲ እውን ኣብቲ ጉናጉዲ ናይ ዕደና ቦታ ተዓጊቶም ከም ዘለዉ ተፈሊጡ።

ነቶም ኣብ ጉናጉዲ ተዓጊቶም ዘለዉ ዓደንቲ ህይወቶም ንምድሓን ከኣ፡ መሰረታዊ መሳርሒታት ብጠዮጠቑ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ስርሒታት ይካየድ ከም ዘሎ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሓቢሮም።

ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ክኢላታት መሳርሒታት ዘይዓጠቑ ብምዃኖም፡ ቁጽሪ ምውታት ክውስኽ ከም ዝኽእል ስግኣት ከም ዘሎ ኣረዲኦም።

ምዕራብ ኮርዶፋን፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እቲ ካብ ሚያዝያ 2023 ኣትሒዙ ምስ ሰራዊት መንግስቲ ሱዳን ዝዋጋእ ዘሎ ዕጡቕ ሓይሊ ኣዳዕመ ስሪዕ (RSF) ከም ዝርከብ ይንገር።

ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ናይቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ዘይሕጋዊ ሰደድ ወርቂ ምዃኑ'ውን ምንጭታት ይገልጹ።

ሱዳን፡ ሓንቲ ካብ'ተን ብዕደና ወርቂ ኣብ ቅድሚት ዝስርዓ ሃገራት ኣፍሪቃ እያ።

## ናይጀርያ - ዝተመረዘ ኣልኮላዊ መስተ ብምስታይ 48 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይጀሪያ፡ 'ሚታኖል' ዝተባህለ ኣልኮላዊ ባእታ ከም ዝነበሮ ዝጥርጠር ኣልኮላዊ መስተ ብምስታይ፡ ብውሕዱ 48 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 100 ዝኾኑ ሰባት ድማ ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል ከም ዝርከቡ፡ ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።



እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ 182 ሰባት ኑቲ ዝተመረዘ ኣልኮላዊ መስተ ሰትዮሞ ክኾኑ ተኸእሎታት ከም ዘሎ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ እቲ ልዑል መጠን ሞት፡ ኣብቲ ከባቢ ልሙድ ዝኾነ ልዑል ኣልኮላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ብ'ጭራ ህበይ' ዝፍለጥ ኤርባዊ መስተ ምስ ሚታኖል ተሓዊሱ ድሕሪ ምስታዩ ዝሰዓበ ምዃኑ ኣረዲኦም።

በዚ ከኣ፡ ምስቲ ሓደጋ ምትሕሓዝ ዝተረኽቦም 15 ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከም ዘለዉ ይግለጽ።

ኣብታ ኣብ ኣፍሪቃ ብብዝሒ ህዝባ ኣብ ቅድሚት እትስራዕ ናይጀርያ፡ ብውልቀ ሰባት ዝምስራሕ ኣልኮላዊ መስተ ልሙድ ኮይኑ፡ ብዘለዎ ትሑት መጠን ዋጋ፡ ብፍላይ ኣብ ገጠራት ናይታ ሃገር ተጠላቢ ከም ዝኾነ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሃገራዊ ትካል ምቁጽጻር መግብን መድሃኒትን ናይጀርያ፡ ብቐልዑትን ኮተቴታትን ኣዝዩ ፍቱው ዝኾነ፡ ኣብ ሳኬትን ካልእ ፕላስቲካዊ መትሓዚታትን ዝተዓሸገ ኣልኮላዊ መስተ ብደረጃ ሃገር ክኽልከል ስጉምቲ ወሲዱ ምህላዉ ምንጭታት ይሕብሩ።



Sabur Printing Services